

መበል 31 ዓመት ቁ.49 ረቡዕ 27 ጥቅምቲ 2021 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 4 ገጽ 5 ገጽ 7

“ብምንታይ ኢናኸ ዘኪርናዮ?” ወተሃደራዊ ርክብ ማሊን ሩስያን
ንምዕራባውያን የዀሪ

ኣተሓሳስባ ድሕነትን ጥዕናን

ኣብ ትካላት ጽቡቕ ስራሕ - ዝያዳ ኣኻዕብት

ጁባ - ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ፡ ኣብ መደባት መኸተ ዘትዩ
ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ
ጁባን ከባቢኣን - ሪፓብሊክ ደቡብ
ሱዳን፡ ብ24 ጥቅምቲ ኣብ ዘካየዶ
ኣኼባ፡ ንጥፈታቱ ብምግምጋም
መደባት መኸተ ንምድንፋዕ ኣብ

ትካል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ፡ ደርቅን ሕማማትን ዝጻወሩ

ኣዝርእቲ ኣብ ምልላይ ኣተባባዒ ውጽኢት ረኺቡ

ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ፡
ደርቅን ሕማማትን ተጻዊሮም ልዑል
እቶት ዝህቡ ኣዝርእቲ ንምልላይን
ንምብዛሕን ዘካይዶ ዘሎ ምርምር -
ዘተባብዕ ውጽኢት ይረኽበሉ ከምዘሎ፡
ኣብ’ቲ ትካል ዝሰርሑ መንእሰያት
ተመራመርቲ ሓቢሮም።
ኣብ ምርምር ኣእካል ዝነጥፍ መንእሰይ
ተስፉ ኢሳቕ፡ ዛጊት ንኩነታት ክሊማ
ሃገርና ዝሰማምዑን ርቡሕ እቶት ዝህቡን
45 ዓይነት ተለልዮም ናብ ሓረስቶት
ከምእተዘርግሑ ገሊጹ።
እቶም ኣዝርእቲ፡ 16 ዓይነት ስርናይ፣ 10
መሸላ፣ 6 ብልቱግ፣ 7 ስገም፣ 3 ዕፉን፣ 2
ዓይነት ጥረታትን ሓደ ናይ ቅብኢ ዘርኢን

ኣብ ዓዲ-ቐይሕን ዓሰብን ንመንእሰያት

ስልጠና ተዋሂቡ
ኣብ ዓዲ-ቐይሕ፡ ንመንእሰያት
ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ፡ ናይ
ሰለስተ ኣዋርሕ ሞያዊ ስልጠና ተዋሂቡ።
እቲ ትምህርቲ፡ ምርባሕ ደርሁን ንህብን፡
ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ኮምፕዩተር
ቴክኖሎጂን ካልእ ሞያታትን ዘጠቓለለ
እዩ።
ኣብ’ቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ
ዝተረኸበ ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር
መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣቶ
ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ዝቐሰምዎ ሞያ
ብግቡእ ክነጥፉሉን ብግብራዊ ስራሕ
ከማዕብልዎን ኣዘኻኺሩ።
ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ
ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ መንእሰይ

ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና
ትማሊ ኣብ ዞባ ማእከል ብዝተገብረ ናይ
ላቦራቶሪ መርመራታት፡ 3 ዜጋታት
ካብ ኣስመራ ብኮሮና ቫይረስ ምልካፎም
ተረጋጊጹ።
ንሳቶም፡ 2 ካብ መመርመሪ ማእከላት ክዀኑ
እንከለዉ፡ ሓደ ድማ ተወሺቡ ዝጸንሐ እዩ።
እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኮሮና ቫይረስ
ተረኺብዎም ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም
ክንክን ክግበረሎም ዝጸንሑ፡ 2 ካብ ዞባ
ማእከል፡ ሓደ ድማ ካብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - 3
ዜጋታት ሓውዮም ተፋንዮም ኣለዉ።
በዚ መሰረት፡ ጠቕላላ ቊጽሪ ብኮሮና ቫይረስ
ዝተለኽፉ ዜጋታት፡ ክሳብ ትማሊ 6798
በጺሑ ኣሎ። 6,717 ካብ’ዚኦም ሓውዮም
ዝተፋነዉ፡ 45 ብሞት ዝተፈልዩ፡ 36 ድማ
ገና ኣብ ሆስፒታላት ተዓቚቦም ዝርከቡ
እዮም።

ሚኒስትሪ ጥዕና - 26 ጥቅምቲ 2021

ሓረስቶት ኣግራዕ - ዘራእቶም ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝበጽሐ ገሊጾም

ሓረስቶት ምምሕዳር ከባቢ ኣግራዕ -
ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ኣብ ጽቡቕ ኵነታት
ዝርከብ ዘራእቶም ኣብ ቆፎኡ ክሳብ
ዝኣቱ፡ ጻዕሮምን ምክትታሎምን ቀጻሊ
ምዃኑ ገሊጾም።
ኣብ’ቲ ምምሕዳር ከባቢ ክራማት
ደንጒዩ ብምጅማሩ ሻቕሎት
ፈጢሩሎም እኳ እንተነበረ፡ ካብ ወርሒ
ነሓሰ ንደሓር ጽቡቕ ዝርጋሐን ዓቐንን

ምህናጽ ማለት፡ ሃገር ምህናጽ፣
ብኩለንትባኡ ብቑዕ መንእሰይ ምህናጽ
ድማ፡ ብሩህ መጻኢ ምውሓስ - ማለት
ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ እቲ ዕማም
ንሃማመተኤ ጥራይ ዘይግደፍ፡ ናይ
መላእ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን
ሓላፍነት ምዃኑ ኣገንዚቡ።
ኣብ ዓሰብ እውን፡ ንሓደስቲ ኣካየድቲ
ውዳቤ ጨንፈር ሰራሕተኛታት
መንእሰያት፡ ኣብ ንጥፈታቶም ዝሕግዞም
ስልጠና ተዋሂቡ።
እቲ ትምህርቲ፡ መሪሕነት፡ ምሕደራ፡
ምብህሃል፡ ከምኡ’ውን ሕጊን
መንእሰያትን ኣብ ዝብሉ ኣርእስታት
ዘተኰረ ምንባሩ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ

ንኡስ ዞባ ዓሰብ መንእሰይ ዓሊ ኣሕመድ
ሓዩ ሓቢሩ።
ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር

ምዃኖም ድማ ኣረዲኡ። ኣብ’ቲ ትካል
ዘሎ ሕጽረት ማይ ዝፍታሓሉ ኩነታት
ክናደ እውን፡ በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኺሩ።
ኣብ ምርምር ናይ ቅብኣ ኣዝርእትን
ዕፉንን እትነጥፍ መንእሰይ ልዋም እዮብ
ብወገና፡ ደርቅን ሕማማትን ዝጻወሩ 3
ዓሌት ዕፉንን 2 ዓይነት ኣድርን ተለልዮም፡
ንሓረስቶት ኣብ ምዕዳልን ኣብ ምብዛሕን
ከምዝርከቡ ገሊጻ።
ብፍላይ ‘ታማራ’ ዝተባህለ ካብ ኣየርላንድ
ዝመጽአ ናይ ቅብኢ ኣድሪ፡ ብመስኖኣዊ
ኣገባብ እንተደኣ ለሚዑ፡ ካብ ሄክታር ካብ
18 ክሳብ 21 ኲንታል ክህብ ከምዝኽእል
ብግብራዊ ስራሕ ምርግጋጹ ብተወሳኺ
ኣረዲኣ።

ዘኽእል መዳያት ዘትዩ።
ምክትል ኣቦ-መንበር’ቲ ውዳቤ ኣቶ
ተኽለኣብ በረኸትኣብ፡ ብምኽንያት
ለበዳ ኮሮና ቫይረስን ንምክልኻሉ
ዝወጽአ ቅጥዕታትን ደስኪሉ ዝጸንሐ

ንጥፈታት’ቲ ምንቅስቓስ ንምብርባር
- ተበጋጊሱ ዘሎ ስራሕን ተወጢኖም
ዘለዉ መደባትን ኣብሪሁ።
ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት
ኣቶ ፉኣድ መሓመድ ድማ፡ “ተራ

ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ
ምምካት መድረኻዊ ብድሆታት”
ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡
መንእሰያት ሃገራዊ ጥምረቶም
ብምሕያልን ፖለቲካዊ ንቕሓቶም
ብምብራኽን፡ ኩሉ-መዳያዊ መደባት
መኸተ ንምዕዋት፡ በብውልቂ ይኹን
ብሓባር ብዝለዓለ ክነጥፉ ኣዘኻኺሩ።
ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጥምረትን
ንቕሓትን ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ናይ
መንእሰያት ድማ ብፍላይ ምዕዛዝን
ምድልዳልን፡ ከምኡ’ውን ተጻብኦታትን
ናይ ጸለመ ዘመታትን ምምካትን
ምብዳህን መድረኻዊ ተልእኾ ስለዝኾነ፡
ንምዕዋቱ ብውሁድ ዓቕሚ ከምዝቃለሱ
ገሊጾም።
እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን
ተቐማጦ ከተማ የይ - ደቡብ ሱዳን፡
ንመሰሰኒ ማዕከናት ሕድሪ ሰማእታት
ዝውዕል ሓደ ሽሕ ዶላር ከምዘበርከቱ፡
እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

መሓመድ-ስዒድ ማንታይ፡ እቶም ኣብ
ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ዝነጥፉ
መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ውዳቤታቶም

ብምውርጻጽ ኣብ ሕብረተሰብ ጸላዊ
ኣበርክቶ ንክህልዎም ተሳትፎኦም ከዕዝዙ
ኣዘኻኺሩ።

ዘለዎ ዝናብ ብምርካቡ፡ ዘራእቶም ኣብ
ደረጃ ምዕንባብን ፍረን ከምዝበጽሐ፡
ሕጂ እውን ዝናብ ናይ ምቕጻል
ኣንፈት የርኢ ስለዘሎ፡ ርቡሕ እቶት
ክረኽቡ ልዑል ተኽእሎ ከምዘልዎም
ሓቢሮም።
እቶም ሓረስቶት፡ ሓሓሊፉ ናይ
ባርኖስ ተርእዮታት ከምዘሎ ብምሕባር፡
ሚኒስትሪ ሕርሻ ብእዋኑ ቈላሕታ ክህቦ

ጸዊዖም ኣለዉ።
ኣብ ካልእ ዜና ናይ’ቲ ከባቢ፡ መደበር
ጥዕና ኣግራዕ፡ መሰረታዊ ኣገልግሎት
ብምሃብን ንቕሓት ዜጋታት ብምብራኽን፡
ሕማማት ኣብ ምክልኻልን ህይወት ኣብ
ምድሓንን ዝምስገን ኣበርክቶ ትገብር
ከምዘላ፡ ሓላፊ’ታ መደበር ጥዕና ነርስ
ያሲን ዓሊ ሓቢሩ።
ካብ ከተማ ናቕፋ ንሸነኽ ሰሜን 38
ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ መደበር
ጥዕና ኣግራዕ፡ ኣብ ከባቢታት ዔላ-ጸላምን
ኣግራዕ-ተሓትን ንዝርከብ ልዕሊ 9 ሽሕ
ህዝቢ ኣገልግሎት ትህብ።

ሳላሕን ሊቨርፑልን . . .



ሓዳስ ኤርትራ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ፍርቱና ኤፍሬም

መበል 31 ዓመት ቁ.49 27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 2

“ብምንታይ ኢናኸ ዘኪርናዮ?” ጥዑምዝጊ ተስፋይ
ካብ ዕላል መቸም ብዙሕ ሰናይ
ፍልጠት ክርከብ ይኽእል እዩ።
ማለት’ሲ መስመር ዘለዎ ርጡብ ዕላል
ክኸውን እንከሎ ማለት እዩ። ዕላል
መናብርትና ስለዝዀነ ኸኣ፡ ይበዝሕን
ይውሕድን እምበር፡ ዘየዕልል ሰብ ዘሎና
ኣይመስለንን። ግናኸ ዕላል ጥዑም
ይኹን እምበር፡ ምጥን እንተደኣ ዘዪሉስ
ስሚ ግዜ እዩ።
ኣብ ገለ እዋን፡ ንነዊሕ ግዜ
ኣዕልል ምስ ጸናሕና፡ ኣብ መወዳእታ
“ብምንታይ ኢናኸ ዘኪርናዮ ወደይ?”
ኢልና ንፈልጥዶ? - ዋላ ኩላትና እንተ
ዘይበልና፡ ብዙሓት መፈለሚ ዕላልና
ዝጠፍኣና ወይ ድማ ጽልግልግ ዝበለና
ግን ኣሎና። ኣይገርመኩምን ግን?
ብሓደ ዛዕባ ዕላል ምስ ጀመርካ፡ ብጓል
መንገዲ ሸለው ትብል’ሞ፡ ነቲ ናይ
ፈለማ ኣርእስትኻ ክትርስዖ ከለኻ!
ኣብ ኩሉ ህዝቢ ድዩ ዋላስ ኣብ
ዝተወሰነ ህዝቢ ወይ ኣብ ውሽጢ ሓደ
ህዝቢ፡ ኩሉ ሰብ ድዩ ከምኡ ዝኸውን
ዋላስ ዝተወሰንና እንድዒ ኣፍልጦ
የብለይን። ኰይኑ ግን፡ ኣእምሮና
ብዘይርደኣና መንገዲ ኣብ መእሰሪ
ዘይብሉ ሃተውተወ ይጥሕል እዩ።
ብሕልፊ ብኣጋጣሚ ኣብ ዝተበገሰ
ዕላል፡ ምዱብ ነገር ከይሓዘ ተጎታቲ
ይኸውን’ሞ፡ በየን ፈሊሙ በየን ከም
ዝውድእ ከይፈለጠ ሽሕን ሚእትን
ዛዕባታት የቋስል። ስርሕ ውዒሉ፡ ማለት
ንሕና ድማ ትዝርብ ውዒልና ብዘይፍረ
ንወጽእ።
ብዙሓት ካባና፡ ኣብ ነዊሕ ዕላል
ድሕሪ ምጽናሕና፡ ክንዝክሮ ንኽኣል
ኣይንኽኣል ብዘየገድስ “ብምንታይ
ኢናኸ ዘኪርናዮ ወደይ?” ከም
ዝበልና ርግጸኛ እየ። እዚ ሕቶ’ዚ
ዘመልክተልና ሓቂ እንተ ሃልዩ፡ ብዛዕባ
ማእለያ ዘይብሎም ዘየድልዩና ጉዳያት
ክንልፍልፍ ምጽናሕናን፡ ኣብ ቍም-
ነገር እንክውዕል ብዙሕ ውጽኢት
ከነፍርየሉ እንኽእል ነዊሕ ግዜ ከም
ዘጥፋእናን እዩ። ግዲ ኣብ ዘይንገረሎም

ወይ ዘየድሉዩና ዛዕባታት ስለዝዀኑ ኢና
ድማ ክንዝክሮም ዘሸግሩና።
ብቐደሙ እውን፡ እቲ ዕላል ኣብ
ድሩት ዛዕባ ስለ ዘይተወሰነ፡ ካብ ኣድሆ
ኣእምሮና ዝረሓቐ እዩ። በቲ ፈለማ
ዘልዓልናዮ ጉዳይ እናተዛረብና ሓደ
ጨንፈር ይፍጠር’ሞ፡ ነቲ ኣቐዲምና
ዘልዓልናዮ ዛዕባ ናብ ካልእ መንገዲ
ሸለው የብሎ። እቲ ሓድሽ ዛዕባ ወይ
ጨንፈር ድማ፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ጨንፈር
ብምዝርጋሕ፡ ናብ ካልእ ሓድሽ ዛዕባ
የፋንወና። እቲ ዝስዕብ እውን ከምኡ።
ብዛዕባ ገረብ ዝፈለመ ዕላል ናብ
ከዋኽብቲ ይወስደና፡ ናይ ከዋኽብቲ
ናብ ጠንቋሎ፡ ናይ ጠንቋሎ ናብ ፍቕሪ፡

ናይ ፍቕሪ ናብ ዕላል ባሕሪ፡ ዕላል ባሕሪ
ናብ ጽባቐ ክዳን. . . መወዳእታኡ
ብጽሑፍ ክብጻሕ ስለ ዘይክእል ኣብ’ዚ
ክዛዝሞ እምበር፡ ጨናፍሩስ ዳርጋ
መወዳእታ የብሎምን ክበሃል ይኽእል።
ብዓቢኡ ግን፡ ምሉእ ብምሉእ ክዝከር
ዝከኣል ኣይኰነን።
ንኣብነት ብገለ ኣጋጣሚ፡ ብዛዕባ
ሓደ መተዓብይቲ ዕላል ይለዓል። “ኣብ
ትምህርቲ’ኮ በርቂ እዩ ነይሩ፡ ምስኡ
ዘሎ ሓንጎል ይገርመካ እዩ። መጽናዕቲ
ዝበሃል ቀሪቡዎ ኣይፈልጥን በቃ -

ብፍጥረቱ ግንግንና (በሊሕ ሓንጎል
ንምባል’ዩ) ተዓዲሉ እዩ. . .” ዝብል ናይ

ኣድናቖት ፉሕፉሕ ዝብል ዕላል ጀሚሩ
ንበል። ነገራት ካብ’ዚ ነቒሎም ናበይ
ከም ዝእንፍቱ ነስተውዕል።
ሓደ ካብ ኣዕለልቲ፡ “ኣብ ዓዲ
እንግሊዝ ኣሎ ሰሚዐ - ሓቂ ድዩ ዋላስ
ወረ?” ክብል ይሓትት። “ኣብ ዓዲ
እንግሊዝ እንተ ዝህሉ ደኣ ምሰማዕና
ነይርና። ምስ ብዓል ሓድጉ እንተዝህሉ
ምተወርየ ነይሩ። እንደገና ኸኣ፡ ኣብ
ዓዲ እንግሊዝ መዓት ደቂ-ገዛውትና
እዮም ዘለዉ” ጽቡቕ ስራሕ ስለዘሎ ነታ
ሃገር ይመርጹዋ እዮም. . .”
ኣብ ከም’ዚ ኩነታት፡ ርግጸኛ ኩን
ኣይትኹን ብዘየገድስ፡ ነናትካ ፍልጠት
ኢኻ እትምልእ።

“ክላ ስቕ በል - ስራሕ እንተ ደሊኻ
ደኣ ኣብ ብዓል ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡
ካናዳ እምበር ዓዲ እንግሊዝ ደኣ
ጥሙያት፡ ክንደይ ድዮም ኣብኡ ስራሕ
ስኢኖም ዘለዉ! ገሊኣቶም ድማ ኣብ
ዘይጠቅም ስራሕ ግዜኦም የሕልፉ
ኣለዉ. . .”
“ሓቅኻ ኣለኻ ወደይ - ኣብ’ዚ
እዋን’ዚ ስራሕ እንተ ደሊኻ በዚ
ኣንጎላታት፡ ኡጋንዳ ገለታት ክትከይድ
ኣለካ። ኤውሮጳ ደኣ ቀደም ዝሞተ።
ቀደም ተበሊዑ ዝዓርከይ. . .”
ርኢኹምዶ - ዕላል ናበይ ገጹ
ይዘብል ኣሎ። ቀንዲ መበገሲ ዕላል
ዝዀነ መተዓብይቱ ተረሲዑ፡ ናብ ጽቡቕ
ስራሕ ዝርከበለን ሃገራት ተቐይሩ።
ነገራትና’ኮ ሕስብ እንተ ኣቢልካዮ
ኣመና እዩ ዘገርም። አረ ካብ መንጎ
እየ ጀሚረልኩም እምበር፡ ዕላል
መተዓብይቲ ካብ ካልእ ዛዕባ ተበጊሱ
ጨንፈር እናፈጠረ መጺኡ እምበር
መጀመርታ ኣይኰነን።
ዝዀነ ኰይኑ፡ ንቐጽል እስከ፦ ብዛዕባ
ስራሕ ዝርከበለን ሃገራት እናተዘርበ
እንከሎ ሓደ ካብ ኣዕለልቲ “ክላእ
ኣፍሪቃስ ንየው በለን፡ ሰልዲ እንተ
ርእዮሙልካ ብጎዞሞ እዮም ዝኣትዉኻ!
ክንደይ ሰብ ድዩ ቀታሊኡ ዘይፍለጥ
ዝጠፍእ ዘሎ - ህይወትካ ኣብ ኢድካ
ሒዝካ ገንዘብ እንታይ ይዓብሰልካ . . .”
ክብል ከሎ፡ ንዕኡ ደኣ ኣይርደኦን ኣሎ
እምበር፡ ሓድሽ ጨንፈር እዩ ዝውስኽ
ዘሎ።
“ኣብ ኡጋንዳ ካራ ወይ ሽጉጥ
ሒዞም ኣብ ኣንጎሎ እዮም ዝጸንሑኻ፡
እንተ ዘይሂብካዮም ኣኺሉካ እዩ. . .”
“እዋይ ንስኻ ኡጋንዳ ትብል ኣለኻ፡
ደቡብ ኣፍሪቃኸ፡ ብመኪና ዝንቀሳቐሱ
ከተርቲ ኣለዉ። ኣብ ማእከል ጽርግያ
ሰብ እናረኣዮም ጉሕጉሕ ኣቢሎም፡
ተደልዮም ይቐትሉኻ ተደልዮም
ገዲፎሙኻ ይኸዱ. . .”
ርኢኹምዶ እቲ ዕላል ብኸመይን
ናበይን ከም ዝእለ? ብዕላል መተዓብይቲ
ኣቢሉ፡ ካልኦት ዛዕባታት እናተናኸፈ፡

ናብ ውሕስነት ዘይብለን ሃገራት ኣፍሪቃ
ዘይሩ። ካብ’ዚ ንንየው ድማ፡ ካልእ ኣብ
ሓሳባት ዘይጸንሐ ዛዕባ ህሩግ ክብል
እዩ። እዞም ዕላላት ዝተኣሳሰሩ እዮም
ዝመስሉ፡ ኰይኑ ግን ኩርናዕ እናቐያየሩ
እናሓደሱን ምትእስሳር እናኣጥፍኡን፡
ምስ ዝዀነ ይኹን ኣዕላሊ ጉዳይ
ዘይብሎምን እናዀኑ ይቕጽሉ።
“ኣብ ብዓል ጁባ፡ ብዓል ኣንጎላ
ዘለዉ’ኳ ተተኲሶም እዮም። ኣብ’ዚ ዓዲ
ገይሮምዎ ዘለዉ ትካላት ከመይ ድዮም!
እታ ኣብ ጎደና ምብራቕ ወርሒ ዘላ ናይ
መኪና ‘ስፐይር ፓርት’’ኮ ናይ ሓደ ጁባ
በጺሑ ዝመጽእ ሰብ እያ። ኣብ ፊታ
ቤላ ዝዀነት ፋስት ፉድ ከኣ ናይ’ቲ
ደብሮም ዝብሉዎ ኣንጎላ ዘሎ እንድያ።
ንኹላተን ናይ ኣስመራ ፋስት ፉድ በጥ
ኣቢላተን ዘላ ትፈልጣ እንዲኻ”
ሃየ በሉ - እዚ ዕላል ናበይ ገጹ
ይሰግር ኣሎ። መንፍዓት መተዓብይትን
ጽባቐ ካፈን ብኸመይ እዩ ተኣሳሲሩ?
“ኣታ እንታይ ኢኻ ትብል? እዘን
ትብለን ዘለኻ’ኮ ንፈልጠን ኢና፡ ብዓል
“ኢያሪኮ” ፋስት ፉድ፡ ብዓል “ገሊላ”
ፋስት ፉድ፡ ብዓል ደንደስ ፋስት ፉድ፡
ናበይ ምስ ከዳ ደኣ ኢኻ ‘በጥ ኣቢላተን’
ትብል ዘለኻ! ምስ’ዚኣተን ከተወዳድራ
ቍሩብ ኣይትሓፍርን. . .” በቃ!
ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ውሕስነተን
ተረሲዐን።
“ሓቁ ያዓኸ፡ ገሊላ ደኣ እንታይ
ኣለዋ? ንዓይ ኬፍ ትህበኒ “ማርቆስ”
ፋስት ፉድ’ያ። ኩሉ ግዜ ኣብኣ እየ ሻሂ
ዝሰቲ። ማክያቶ ናይ’ታ ገዛ ፍልይቲ
እያ።
“ክላ ንስኻ ወዲ ኣስመራ ኣይኰንካን
መስለኒ፡ ካብ ዘበነ እኒ እኒ ክሳብ ሕጂ
ብማክያቶ ፍልጥቲ “ኣልፋ” ፋስት ፉድ
እያ። ዓለም ምሉእ ዝምስክረላ።
“ስማዕንዶ ሓየሎም፡ እታ ብቐዳማይ
ዘምሰናላ ኬፍ ኣለዋ ምሽ?” ሓደ ኸኣ
ናቱ ዝበለጸት ካፈ ከፋልጦም ይደሊ።
“ንሳ ደኣ ቤላ ነይራ ግና ተመሃሮ
ይበዝሑዋ ኰይኖም፡ ዋጭዋጭታ
ኣለዋ. . .”
ኣስተውዕሉ ሕጂ ድማ ዕላል ናብ
ተመሃሮ ሰጊሩ ኣሎ። ንእሽቶይ መበገሲ
እንተ ተረኺቡ፡ እቲ ዛዕባ ግልብጥ እዩ
ዝብል።
“ኣታ እቶም ተመሃሮ ከመይ
ዓይነት እዮም በጃኻ? ሓንቲ ኮካን
ሓንቲ ፓስተን ኣብ ሰለስተ ሰብ ኣዚዞም
ነታ ገዛ ብጽብጽ የብሉዋ! ዋላ ዋላ ናይ
ሰብ እዝኒ ዘይብሎም፡ ብጽብጽ እዮም
ኣቢሎሙና’ኮ. . .” - ዝወረዶም ተመሃሮ
ዛዕባ ኰይኖም ኣለዉ ማለት እዩ።
“እንታይ ትብል ኣለኻ፡ ተመሃሮ ቤት
ትምህርቲ “ሳግላ” እንተ ትርእዮም ደኣ
እንታይ ምበልካ - ጨርቅኻ መደርበዩኻ
ነይሮም። መማህራኖም መሳኪን
ተጸሊሎም ዝገብሩዎ እዩ ጠፊኡዎም.
. .” ካልእ ኸኣ ናቱ የምጽእ። “እሞ
ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ “ዓጋዜን”
ኣይረኣኻዮምን ማለት እዩ - ንሳቶም
እንድዮም ደኣ መትሓዚ ተሳኢኑዎም
ዘሎ. . .”
ተመሃሮ ይግበሩዎ ኣይግበሩዎ ምስ
ተጨፍጨፉ፡ ንዓኣቶም ዘገላግል ካልእ
ጓል መንገዲ ይቕልቀል። ኣብ ከም’ዚ
ዝበለ ህውተታ፡ ዝበዝሑ ካብ’ቶም
ዛዕባታት፡ እናተዀልፉ ናብ ካልእ ዛዕባ
ይሰጋገሩ’ምበር መዛዘሚ ኣይረኽቡን።
ካብ ተመሃሮ ናብ ትራፊክ፡ ካብ
ትራፊክ ናብ ሩስያ፡ ካብ ሩስያ ናብ
ጠፈር. . . ገለ ዝዀልፍ ኩነት እንተ

ዘይተፈጢሩ፡ ዕላል ዝመስል ሃለውለው
ምቕጻሉ ኣይተርፍን’ዩ።
ነንነብስና “ካብ ከም’ዚ ዝበለ
ዕላል እንታይ ንኸስብ?” ኢልና እንተ
ንሓትት፡ “ዋላ ሓንቲ!” ዝብል መልሲ
ምረኸብና። ግን ረብሓ ዘይምርካብ
ጥራይ ኣይኰነን ሳዕቤኑ። ክሳራ ዝበሃል
ነገር እውን ኣሎ።
ገለ ካባና ግዜ ንኸነሕልፍ ኢልና
ኣብ ከምኡ ዝበለ ዕላል ከም እንጽመድ
ንኸነእምን ክንምጕት ንኽእል ኢና። እቲ
መጽሓፍ ብምንባብ ፍልጠት ምድላብ፡
ገለ ዕዮ እንተ ሃልዩና ብምዝካር ናብ
ዕዮ ምውፋር፡ ወይ እውን ሰባት ኣብ
ምሕጋዝ ግዜ ምጥፋእ. . . ዝብሉ
ዓበይትን እወታውያንን ረብሓታት
እሞ ንጎኒ ንግደፎም፡ ኣብ ከም’ዚ ዝበለ
ሃልወሳ ሰዓታት ካብ ምቅጻል፡ ንሓጺር
እዋን ምስ ኣዕለልና፡ ነቲ ዝተረፈ ግዜ
ምስ ነብስና ከነዕልለሉ ኣይንኽእል ዲና።
ተመራመርቲን ምኩራትን እኮ፡
ምስ ገዛእ-ነብስና ምዕላል መድሃኒት
ምዃኑ ደጋጊሞም ነጊሮሙና እዮም።
ባዕልና እንተ ፈቲንናዮ እውን ረብሓኡ
ንኽንርደኦ ኣብ ቀረባ ኢና። ምስ ነብስና
ምዕላል፡ ንጉዳያትና ብጽሞና ብምርኣይ፡
ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝሓሸ መንገዲ
ንኸነስተብህል ይሕግዝ፡፡ ሃጓፋትና
ብምልላይ፡ ጉድለታትና ንኽንእርም
ዝሕግዝ ህዱእ ኩነታት ይፈጥር፣ ገዛእ-
ነብስና ንኸነፍቅርን ኣብ እንታይነትናን
ዓቕምናን ርእሰ-እምነት ንኸነሕድርን
ባብ የርሑ። ብዓሚቝ ጠመተ ዕድላት
ንኽንፍትሽ ባይታ የጣጥሕ. . .።
እዚ ገለ ካብ’ቲ ምስ ገዛእ-ነብስና
ብምዕላል እንረኽቦ ረብሓታት እዩ።
ብዓቢኡ ድማ ዕዮ ክህልወና ይኽእል
እዩ። ንዓና ዝጽበዩ፡ ሓገዝና ወይ ህላወና
ዝደልዩ ሰባት ክህልዉና እውን ግድን
እዩ። ግዜና ኣብ ከም’ዚ ዝበለ ሃውታቲ
ዕላል ሓሺሽና ዜሮን ኣሉታን ሒዝና
ካብ እንወጽእ፡ እንተ ወሓደ ምስ ነብስና
ምዕላል እንተ ንለማመድ ምሓሸ ክብል
ስለ ዝደለኹ እየ። ዕላል፡ ገለ ቍም-ነገር
ዘስንቕ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ዘዘናግዕ
ክኸውን እንከሎ እዩ ንሂወት ዋጋ
ዝውስኸሉ። ምቅር-ምጥን እንተበለ
ኸኣ፡ ንኻልእ ሰናይ ነገር ዝኸውን ግዜ
ምቝጣብ እዩ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡02 how its made
12፡30 ዜና ትግርኛ
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 TECH INSIGHT
13፡30 ዜና ዓረብ
13፡40 ገለብ ደሓን
14፡20 ዶክመንታሪ
15፡05 መደብ ህርመት
17፡00 ዜና ትግርኛ
17፡15 ደርፊ
17፡30 ዜና ዓረብ
17፡40 ማእገር
19፡40 ፍሉይ መደብ
20፡00 ዜና ትግረ
20፡15 መልሲ ኣብ መስመር
21፡00 ዜና ትግርኛ
21፡25 መኣዝን ልምዓት
22፡00 ዜና ዓረብ
22፡15 መደብ ቆላሕታ
22፡30 ዜና እንግሊዝ
22፡40 ተኸታታሊት ፊልም
ማጨሎ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 31 ዓመት ቁ.49 27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 3

ካብ ቀረባ እዋናት ንደሓር ተርእዮ ወተሃደራዊ ርክብ ማሊን ሩስያን ንምዕራባውያን የዀሪ
ዜጋታት ሩስያ ኣብ ማሊ ብተደጋጋሚ
ከዛርብ ምቕናዩ ይፍለጥ። ቅድሚ
ቴስዓታት ኣብ ዝነበረ ግዜ ሩስያ ኣብ
ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ኩለን
ኣህጉራት ዓለም ሓያሎ ዲፕሎማስያዊ
ርክባትን ወተሃደራዊ ምትእትታዋት
ትገብር ከም ዝነበረት ይዝከር።
ድሕሪ ምፍራስ ስርዓተ ኮሙኒዝም፡
ክንየው እቲ ልሙድ ዲፕሎማስያዊ
ዝምድናታት፡ ምትእትታው ሩስያ ኣብ
ካልኦት ሃገራት ውሱን ኰይኑ እዩ
ጸኒሑ።
ሃገራት ምዕራብ ብሻቕሎት
ዘቃልሕዎ ‘ጉጅለ ዋግነር” ዝተባህለ
ብብሕታዊ ትካል ዝካየድ ዕጡቕ
ሓይሊ ሩስያ ኣብ ሓያሎ ሃገራት
ማእከላይ ኣፍሪቃ ክረአ ድሕሪ
ምጽናሕ ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ከኣ
ማሊ ዕድመ ገይራትሉ ከም ዘላ ይንገር
ኣሎ።
ማሊ ኣንጻር ሓይልታት ጂሃድ ኣብ
እተካይዶ ውግእ ዝሕግዝ ብፈረንሳ
ዝምራሕ ሰራዊት ካብ 2013 ተዋፊሩ
ጸኒሑ ነይሩ። ኣብ መንጎ ሰብ መዚ
ፈረንሳን ማሊን ክስማዕ ዝቐነየ ናይ
ቃላት ምንህሃር ስዒቡ፡ ኣባላት ጉጅለ
ዋግነር ኣብ ማሊ ክቃላቐሉ ጀሚሮም
ከም ዘለዉ ጸብጻባት የረድኡ።
ጉጅለ ዋግነር ኣብ ምብራቕ
ዩክረይን ደገፍቲ ሩስያ ንዝዀኑ
ተፈንጨልቲ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክህብ
ኣብ 2014 ድሕሪ ምእታዉ ሽሙ
በተደጋጋሚ ክጽዋዕ ጀሚሩ። ድሕሪኡ
ዕጥቃዊ ግጭት ኣብ ዘለዎ ኣብ
ሶርያ፡ ሞዛምቢክ፡ ሊብያን ሪፐብሊክ

ማእከላይ ኣፍሪቃን ክረኣዩ ከም
ዝጸንሑ ይፍለጥ።
ሩስያ ምስቲ ብብሕታዊ ኩባንያ
ዝውነን ጉጅለ ዋግነር ርክብ ከም ዘይብላ
እያ ትገልጽ። እቲ ጉጅለ ብመሰረት
ዓለም ለኻዊ ሕግታት ተቐይዱ ዋኒን
ዘካይድ ከም ዝዀነን ግሉጽ ዘይኰነ
ስዉር ምንቅስቓሳት ከም ዘይብሉ
እዩ ዝንገር። ይኹን እምበር ሃገራት
ምዕራብ ኣብቲ ዕጡቕ ሓይሊ ዘለዎም
ሻቕሎት ክገልጹ ጸኒሖም እዮም።
ሰራዊት ፈረንሳ ንማሊ ካብ
ጂሃዳውያን ንምሕጋዝ ናብታ ሃገር
ካብ ዝኣትዉ ንደሓር፡ ተመሳሳሊ ዕላማ
ዘለዎም በበይኑ ኣስማት ዝጽውዑ
ጉጅለታት ጂሃድ ኣብ ሓያሎ ጎረባብቲ
ሃገራት ሳዕሪሮም ኣለዉ። ወተሃደራት

ፈረንሳ ናብ ማሊ ድሕሪ ምእታዎም
ሓይሊ ጂሃዳውያን ጉጅለታት
ኣይደኸመን።
ህዝቢ ማሊ ኸኣ ዓቕሊ ከጽብብ
ጀሚሩ። መራሒ ፈረንሳ ማክሮን
እውን ኣብ ማሊ ካብ ዝርከቡ 5ሺሕ
ወተሃደራት ፈረንሳ ፍርቆም ናብ
ሃገሮም ከም ዝምለሱ ምስ ሓበረ፡
ቀዳማይ ሚኒስተር ማሊ ቸግል
ማይጋ “ተጠሊምና” ክብል ተሰሚዑ።
ሚኒስተር ዕጡቓት ሓይልታት
ፈረንሳ ፍሎረንስ ፓርሊ ኸኣ “ብደም
ወተሃደራት ፈረንሳ ኣእጋርኩም
ተጽርዩ ኣለኹም” ብምባል ተሪር
መልሲ ሂባ። ኣስታት 55 ወተሃደራት
ፈረንሳ ኣብ ውግእ ማሊ ከም ዝሞቱ
ምንጭታት ይሕብሩ።

ኢማንወል ማክሮን እውን
“ዘይሕጋዊ መንግስቲ” ብምባል
ንመንግስቲ ማሊ ዘሊፉ። ኣብ ውሽጢ
ሓንቲ ዓመት ክልተ ዕልዋ ድሕሪ
ምክያዱ ዝደየበ መንግስቲ ስለ ዝዀነ።
እቲ ዘይምርግጋእ እናገደደ
ብምኻዱ፡ ህዝቢ እውን ብሰልፊ፡ ሰራዊት
ፈረንሳ ክወጹ ብተደጋጋሚ ክጽውዕ
ጸኒሑ። ጉጅለ ዋግነር ተኣምራታዊ
ለውጢ ከምጽኡ እዮም ኢሉ ህዝቢ
ከም ዘይጽበ ግና ኣብ ካልኦት ሃገራት
ዝተራእየ እወታዊ ውጽኢት፡ ክዕደሙ
ከም ዘተባብዕ ይገልጽ።
ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ
እውን “ ማሊ ኣንጻር ጂሃዳውያን
ኣብ እትገብሮ ምክልኻል ዝሕግዙ
ካብ ዕጡቓት ብሕታውያን ትካላት
ሩስያ ዓዲማ” ከም ዘላ ገሊጹ ምንባሩ
ምንጭታት ይሕብሩ።
ጉጅለ ዋግነር መንግስታዊ እኳ
እንተዘይኰነ ህዝቢ ሳሕል ሰሃራ
‘ሩስያ’ ኢሉ እዩ ዝጽወዖም። ሩስያ
ሻራ ዘይብላ ስለ ዝዀነት፡ ኣብ ናይ
ውሽጣዊ ምሕደራ ምትእትታው
ዘይትገብር ብምዃና ዕጡቓት ሩስያ
ናብ ማሊ ክኣትዉ ዝቃወም ተራ ሰብ
ከም ዘየሎ ጸብጻባት የረድኡ።
ወተሃደራዊ ረብሓታት ሩስያ ኣብ
ኣፍሪቃ እናሰፍሐ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ
ድማ ክሳራ ምዕራባውያን ከም ዝዀነ
ምግማት ኣየጸግምን።
ንልዕሊ 150 ዓመት ዝጸንሐ ጽልዋ
ፈረንሳ እውን እናሃሰሰ ከም ዝኸይድ
ይእመን። ሰራዊት ዋግነር ገን ናብ

ማሊ ብዕሊ ከይኣተወ እንከሎ እዩ
ፈረንሳ “ምስ ዕሱባት ብሓንሳእ ክንነብር
ኣይንኽእልን” እያ ትብል ዘላ
ሚኒስተር ምክልኻል ፈረንሳ ፓርለይ
ንቀዳማይ ሚኒስተር ማሊ “ዘይእሙን”
ከም ዝበለቶ እውን ጸብጻባት የረድኡ።
ጀርመንን ኢስቶንያን እውን ኣብ ማሊ
ኣብ ዝርከብ ‘ታኩባ’ ተባሂሉ ዝፍለጥ
ሰራዊት ኤውሮጳ ዝርከቡ ኣባላት ከም
ዝስሕባ ኣፍሊጠን ኣለዋ።
ክሳዕ ሕጂ ወተሃደራዊ መኽሰብ
ዘይረኽበት ማሊ ብምውጻእ ሰራዊት
ኤውሮጳ ብዙሕ ሻቕሎት ዝፈጥረላ
ኣይትመስልን። ማሕበር ሃገራት
ምዕራብ ኣፍሪቃ “ኢኮዋስ’ ግና
ካብ ብሕታውያን ኩባንያታት ጸጥታ
ዕጡቓት ምክራይ ኣጥቢቑ እኳ
እንተተቓወመ፡ ተደላይነት ሩስያውያን
ኣማኸርቲ ኣብ ሃገራት ሳሕል ክሳብ
ዝሃለወ፡ ንትካላት ሩስያ ጽቡቕ
ኣጋጣሚ እዩ።
ናብ ፈረንሳ ዘቕነዐ እንጽርጽሮት
እናደየበ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ እምበኣር፡
ሩስያ ከም ተመራጺ ወገን ክትከውን
ዘጣጥሕ ኣፍደገ ይኽፈት ነይሩ።
ሩስያን ማሊን ካብ ክፍላ ቴስዓታት
ንደሓር ጽቡቕ ርክባት ስለ ዝነበረን
ማሊ ንሩስያ ክትዕድም ሓድሽ ነገር
እውን ኣይኰነን። ኣብ ቀረባ እዋናት
ሩስያ ሄሊኮፕተራት ውግእ ንማሊ ከም
ዝሸጠትላ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብ ማሊ
ይመርሑ ካብ ዘለዉ ወተሃደራውያን
ጉጅለ ገሊኦም ኣብ ሩስያ ዝተዓለሙ
ምዃኖም ይገልጹ።

ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ብሕታውያን ወተሃደራውያን ክኢላታት ሩስያ ኣብ ኣፍሪቃ
ኣትዮም ከም ዘለዉ ዝንገረሎም
ወተሃደራውያን ክኢላታት ሩስያ፡
ኣብ 2017 እዮም ኣብ ሪፐብሊክ
ማእከላይ ኣፍሪቃ ክረኣዩ ጀሚሮም።
መንግስቲ እታ ሪፐብሊክ፡ ምስ
ዕጡቓት ኣብ ዝገብሮ ልዝባት
የሳልጡን የማኽሩን ከም ዘለዉ
ዝገልጹ ወገናት፡ ልዕሊ ደርዘን ምስ
ዝዀኑ ጉጅለታት ከም ዝሸምገሉ
ይነግሩ።
ጉጅለ ዋግነር እናተባህለ ዝጽዋዕ
ብብሕታዊ ትካል ዝውነን ሓይሊ
ወተሃደራዊ ክኢላታት፡ ኣብ ማእከላይ
ኣፍሪቃ ዘለዎ ምእትእትታው
-ኣብ’ቲ ፈለማ ክንዮ ንግዲን ዕደናን
ካልእ ትርጉም ዝወሃበሉ ምኽንያት
ኣይነበሮን። ብንግድን ፍርያት
ኣልማዝን ክቡር ኣእማንን ዝፍለጣ
ትካላት ሩስያ፡ ዕደና ኣብ ዘለዎ
ከባቢታት ኣፍሪቃ ህላዌአን እንተገለጻ
ዝገርም ይነበረን።
ኣብታ ሃገር ምርግጋእ እናተራእየ
ብምምጽኡን እቲ ናይ “ግጭት
ኣልማዝ” እናተባህለ ዝጽዋዕ ማዕድን
ብሕጋውነት ክሸየጥ ስለ ዘኽእሎን፡
መንግስቲ ሪፐብሊክ ማእከላይ
ኣፍሪቃ፡ ህልውና ሩስያውያን ከም
ዘተባብዕ ይፍለጥ።
ከም ምንጭታት ምዕራብ፡
እቶም ብሕታውያን ወተሃደራዊ
ክኢላታት ምስ መንግስቲ ሩስያ
ጥቡቕ ዝምድና ከም ዘለዎም እዮም

ዝገልጹ። ሩስያ፡ መንግስታውያን
ከም ዘይኰኑን ካብ ሕንጻጻት ዓለም-
ለኻዊ ሕግታት ከይወጽኡ ብስርዓት
ዝዋፈሩ ብሕታውያን ኩባንያታት
ምዃኖምን እያ እትገልጽ።
ዕጥቃዊ ግጭት ኣብ ዝካየደሉ
ቦታታት ዝርከብ ኣልማዛት፡ ናይ
‘ደም ኣልማዝ’ እናተባህለ ኣብ ዕዳጋ
ዓለም ከይሽየጥ ተኸልኪሉ ጸኒሑ
እዩ። ብምትእትታው ወተሃደራዊ
ጉጅለታት ሩስያ፡ እቲ ዕጥቂ
ዝካየደሉ ስፍራታት ናብ ሰላማዊ
ዞባ እንድሕር ተቐይሩ፡ እቶም
ብሕታውያን ትካላት ሩስያ ሕጋዊ

ኣልማዛት ናብ ዕዳጋ ዓለም ከውርዱ
የኽእሎም።
እቶም ብሕታውያን ወተሃደራዊ
ክኢላታት ሩስያ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ
ንሰራዊት ሪፐብሊክ ማእከላይ
ኣፍሪቃ ታዕሊም ይህቡ ምህላዎም
እውን ተፈሊጡ ኣሎ። ኣባላት ናይዚ
ወተሃደራዊ ኩባንያ፡ ምንጭታት
ምዕራብ ‘ጉጅለ ዋግነር’ እናበሉ ስለ
ዝጽውዕዎም፡ መንግስቲ ዝፈልጦም
ግና ብመንግስቲ ዘይተላእኩ ምዃኖም
ክግመት ይከኣል። ኣማሓዳሪ ናይቲ
ዝለኣኾም ‘ንግዳዊ’ ትካል እውን
ዋግነር ኣይኰነን።

ቅድሚ ሓያሎ ኣዋርሕ
ሰለስተ ብሕታውያን ሩስያውያን
ጋዜጠኛታት፡ ኣብ ማእከላይ ኣፍሪቃ
ተቐቲሎም ምንባሮም ይዝከር።
ንዕደና ኩዕታ ኣልማዝን ንግድን ኣብ
ዝኣመሰለ ሓበሬታታት ይፍሕትሩ
ምንባሮም ጸብጻባት ይገልጹ። ሩስያ
ብዛዕባ ኣቀታትላኦም ትፈልጦ ከም
ዘይብላ ክትገልጽ እንከላ፡ ማእከላይ
ኣፍሪቃ ኸኣ መርመራ ትእክብ ከም
ዘላ ኣፍሊጣ ነይራ።
ድሕሪ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ሩስያ
ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከባ ብነዳድን
ካልኦት ማዕድናትን ዝሃብተማ ሃገራት

ክትፈሓዅ ዘኽእል መርገጺ ረኺባ
ከም ዘላ ጸብጻባት የረድኡ። ብዙሕ
ዕጥቃዊ ግጭታት ኣብ ዝረኣየሉ
ቦታ ብሕታውያን ወተሃደራዊ
ክኢላታት እንተተዓደሙ እውን
ዘገርም ኣይኰነን።
ኤውሮጳውያን ዘይሰርሓሎም ሜላ
ዲፕሎማሲ ሩስያ እትኽተሎ መንገዲ
ኣይኰነን። ኣብቲ ኤውሮጳውያን
ደኺሞም ዝረብረቡሉ ተደላይነት
ክትረክብን ክትዕደምን እንከላ
ክትምዝምዞ ትኽእል ኣጋጣሚ እዩ።
ናይ ሩስያ ወተሃደራዊ ክኢላታት፡
ኣብ ኮንጎን ጊኒን እውን ከይሃለዉ
ከም ዘይተርፉ ጸብጻባት የረድኡ።
ሓያሎ ኣፍሪቃውያን ወሃብቲ
ርእይቶ ድማ፡ ሩስያ ከም ካልኦት
ኤውሮጳያውን ኣብ ፖለቲካዊ
ረብሓታት ተገዳስነት ስለ ዘይብላን
ዘይሻራዊት ብምዃናን ብናይ ሓባር
እንካን-ሃባን ረብሓ ወተሃደራውን
ንግዳውን ምሕዝነት ምምስራት
ንግዚኡ ከም ዘይጐድእ ይገልጹ።
ሪፐብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃን
ጎረባብታን፡ ዕደና ኣልማዝ ዝካየደለን
ብምዃኑ፡ ጉጅለ ዋግነር ተገዳስነት
እንተኣርእየ ዘገርም ኣይኰነን። ካብኡ
ሓሊፉ ናብ ማሊ ገጹ እናሰፍሐ
ዝኸደ ተርእዮታት ጉጅለ ዋግነር
ንምዕራባውያን ዝገደደ ሻቕሎት
ፈጢሩሎም ከምዘሎ ይፍለጥ።

ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት
ታደሰ ተኽለ

ሓዳስ ኤርትራ

ማሕበራዊ ዕብየት ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየን ዝበለጸን ኣተሓሳስባ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ትካላት ጸጋ ወይ ሃብቲ - ሰብ’ዩ። ዋላ’ኳ
ዓለም ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ኣዝያ
ተራቒቓ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ብዘይ
ሰብ ክስራሕ ዝኽእል ስራሕ፡ ክብጻሕ
ዝኽእል ዕላማ ከምኡ’ውን ክውቃዕ
ዝኽእል ሸቶን ካልእን የለን። ከምኡ
ብምዃኑ እዩ ድማ ሰብኣዊ ክብረት፡
ናጽነት፡ ማዕርነትን ውሕስነትን ደቂ-
ሰብ ምርግጋጽ፡ ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ
ኣገዳሲ ዕማም ዝኸውን - ብፍላይ
ድማ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ መዳያት
ህይወት። ትካላት ድማ፡ ዝያዳ ካልኦት
ዝምልከቶም ወገናትን ኣካላትን ኣብዚ
ዕማም’ዚ ንምዕዋት፡ ዝለዓለ እጃም ወይ
ብጽሒት ይሕዛ። ምኽንያቱ ስራሕ
ከም ኣምር፡ ኣብ ምሕላው ጥዕና፡
ምቹእነት ናብራ ከምኡ’ውን ዘላቒን
ውሑስን ደረጃ መነባብሮ ንክህልው
ዘለዎ ተራን ኣበርክቶን ኣዝዩ ዕዙዝ
ብምዃኑ።
ዕዉታት ትካላት፡ ኩሉ ግዜ ኣብ
ዘተግብርኦ መደባት ስራሕ እወታውን
ብሉጽን ኣተሓሕዛ ዓቕሚ ሰብ
ይኽተላ። ንሓደ ሰብ ልዑል ደሞዝ
ጥራይ ስለዝኸፈልኻዮ፡ ኣፍራዪ
ወይ ዕጉብ ትገብሮ ማለት ኣይኮነን።
እንታይ ድኣ? ሰብ ምሉእ ዓቕሙን
ብቕዓቱን ከወፊ ዘኽእሎ ምቹእን
ጥጡሕን ባይታ ክፍጠረሉ ምግባር፡
እቲ ቀንዲ መሰረታውን መሪሕን
ተግባር’ዩ። ሰራሕተኛታት ዝሰርሑሉ
ወይ ዝጥቀሙሉ ናይ ስራሕ ኣከባቢ፡
ብኹሉ መዳያቱ ኣድላይነት ኣለዎ።
ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣከባቢ
ማለት ድማ ኣዝዩ ልዑል ናይ
መከላኸሊ ፕሮግራማት፡ ኣገባባትን
መሳርሒታትን ዘለዎ ኮይኑ፡ ድሕነትን
ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን
ከምዝውሓስ ምግባር’ዩ። ግብራውነት
ወይ ተግባራውነት ዘልብስ’ሞ መን’ዩ?
ሓላፍነትን ተሓታትነትን ዝስከምከ መን
ክኸውን ይኽእል? እቲ መሰረታዊ
ፍልልይን ኣተሓሳስባን ድማ ካብዚ
ዘንቀደን ዝመንጨወን ኮይኑ ንረኽቦ።
መብዛሕቲአን ቁጽጽር ኩነታት
ስራሕ ዝተኻየደለን ትካላት፡ ኣብ
ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ዘጋጠመን
ጸገማትን ዕንቅፋታትን፡ ኣብ ክንዲ ህድእ
ኢልካ ምትዕርራይን ምምሕያሽን፡ ኣብ
ነንሕድሕዶም ኣብ ምውንጃልን
ኢዶም ምውጥዋጥን የሕልፉዎ።
እዚ ኸኣ ከምቲ ብተደጋጋሚ
ግዜ ዝግለጽ ፍጹም ኣድማዕነትን
ውጽኢትን ዘየምጽእ ካብ ምዃን
ሓሊፉ፡ ከም ተርእዮ ኣዝዩ ኣሰካፊ
ተግባር ኮይኑ ይርከብ። ከም ዝፍለጥ
ድሕነት ኣድማሳዊ ባህርይ ሃልይዎ፡
ንክውሓስን ክሕለውን ናይ ግድን
ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ሓላፍነቱን ግዴታኡን
ከልዕል ክኽእል ኣለዎ። ኮይኑ ግን፡
ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን፡ ብዛዕባ
ድሕነትን ጥዕናን ዘለዎም ንቕሓትን
ኣፍልጦን ትሑት ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡
ቀንዲ ጠንቂ ትግባረ ዘይውሑስ
ተግባራትን ምቅልቓል ዘይውሑስ
ኩነታትን ምዃኖም እዋናዊ ጸብጻባት

ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ይሕብሩ።
ካብዚ ብምብጋስ ድማ
ዋላ’ኳ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን፡ ነዚ ንቕሓትን ኣፍልጦን
ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ኣዕብዩ
ውሑስን ምቹእን ዝኾነ ናይ ስራሕ
ኣካባቢ ክፍጠር ቀጻሊ ጎስጓሳት፡ ኣድላይ
ትምህርቲታትን ስልጠናታትን፡ ካብኡ
ሓሊፉ ድማ ብመንጽር ትሕዝቶን
መንፈስን ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ
ቁጽሪ 118/2001 ዝጠልቦ ሕጋዊ
ስጉምቲታት ክወስድ እንተኻኣለ፡
ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣስራሕትን
ሰራሕተኛታትን ብዛዕባ ድሕነትን
ጥዕናን ግን ጌና እቲ ዝድለ መሰረታዊ
ውጽኢትን ለውጢን ከምጽእ
ኣይክኣለን። ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን
ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብመንጽር
ግብራውነትን ተግባራውነትን ኣምራት
ወይ መምርሒታት ድሕነትን ጥዕናን
ክቕየር እንተዘይክኢሉ ድማ፡ ናይ
ብሓቂ እቲ ዝድለ ባህርያዊ ለውጢ
ኣስሪጽካ ጽኑዕን ተሪርን ዝኾነ ናይ
ድሕነት ባህሊ ምህናጽ ኣጸጋሚ
ክገብሮ’ዩ። እሞኸ ድኣ?
ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብቲ ተመዲቡ
ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብን ቦታ ስራሕን፡
ድሑንን ውሑሱን ብዝኾነ ኣገባብ
ንጥፈታቱ ንኸካይድ ብቑዕን
እኹልን ዝኾነ ኣፍልጦ ክህልዎ
ክኽእል ኣለዎ። ብቑዕን እኹልን
ኣፍልጦ ምህላው፡ ንሰራሕተኛ መሰሉ

ንኣስራሒ (ትካል) ድማ ግዴታኡ’ዩ።
ሰራሕተኛታት ብመጀመሪያ ኣብ
ዝተመደቡሉ ቦታ ስራሕ፡ ዝጥቀሙሉ
መሳርሒታትን ማሽናትን፡ ዝግልገሉሉ
ንጥረ-ነገራትን ኬሚካላትን ከምኡ’ውን
ዝኽተልዎ ኣገባብ ኣሰራርሓ ምርኵስ
ብምግባር፡ ሓደጋ ንኸየጋጥሞም ወይ
ሕማም ንኸይክሰቶም እንታይ ክገብሩ
ከምዘለዎም፡ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ
ስራሕ ምጅማሮም ብጽሞና ክሓስቡን
ነብሶም ክፍትሹን ክግበር ኣለዎ።
ትካል ወይ ኣስራሒ ድማ ብግደኡ
ኣብ ትሕቲኡ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት
ኣብ ዝተመደቡሉ ቦታ ስራሕን ምስኡ
ዝተኣሳሰር ነገራትን፡ ድሕነቶምን

ጥዕናኦምን ንምውሓስ እንታይ ዓይነት
ስጉምትታት ክወስዱ ከምዘለዎም
ክሕብሮምን ከፍልጦምን ክኽእል
ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት መሰረታውን
ቀንዲን ተግባር ምፍጻም ድማ፡ ናብቲ
ንጹርን ዘየማትእን፡ ተራን ሓላፍነትን
ነፍሲ-ወከፍ ወገን ክግለጽ ወይ ክበርህ
ኣብ ርእሲ ምሕጋዙ፡ ጽኑዕ ዝኾነ ናይ
ድሕነት ባህሊ ክህነጽ መሰረት የንጽፍ።

ተራን ሓላፍነትን ኣስራሒ (ትካል)፡
ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን
ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን እንታይ
ክኸውን ኣለዎ? ከምቲ ኣቐዲሙ
ዝተገልጸ፡ ብመጀመርያ ሰራሕተኛ
ምስቲ ተመዲቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ
ስራሕ ዝተኣሳሰር ብቑዕን እኹልን
ኣፍልጦ ክህልዎ ናይ ግድን’ዩ።
ሰራሕተኛ ኣፍልጦ ክህልዎ ድማ፡
ትካል ከከም ኵነቱ፡ ቀጻሊን ስሩዕን
ዝኾነ ስልጠናታትን ትምህርትታትን
ክቕርብ ግዴነታዊ ሓላፍነት ኣለዎ።
ዓይነትን ንውሓትን ዝውሃብ
ስልጠናታትን ትምህርትታትን ካብ
ትካል ናብ ትካል ይፈላለ’ዩ። እንተኾነ፡
ትካል ሓድሽ ሰራሕተኛ ቅድሚ ስራሕ
ምጅማሩ፡ ሰራሕተኛ ብዝተፈላለየ
ምኽንያታት ናብ ካልእ መደብን ቦታ
ስራሕን ምቕያሩ፡ ኣብ ዝኣትወሉ
ሓድሽ ኣገባብ ኣሰራርሓ ክምህር
ሓላፍነቱ’ዩ። ከምኡ’ውን ዝተፈልየ
ንጥረ-ነገራትን ኬሚካላትን ክጥቀም
ኣብ ዝሕተተሉ ግዜን እዋንን፡ ብዘይ
ዝኾነ ቅድመ-ኩነትን ምኽንያታትን፡
ስሩዕ ስልጠናን ትምህርትን ክቕርብን
ክህብን ግድነት ይኸውን። ተመኵሮ
ትካላትና ኣብዚ መዳይ’ዚ ዘለወን
ኣተሓሕዛ ዳርጋ ብኣንጻሩ’ዩ ዘሎ
እንተተባህለ ኣይተጋነነን። ሰራሕተኛ
ድማ እቲ ዝተዋህቦም ስልጠናታትን
ትምህርትታትን ብዝግባእ
ክጥቀመሎምን ክሰርሓሎምን ተራን
ሓላፍነትን ከምዘለዎ ክግንዘብ ክኽእል
ኣለዎ። እዚ ድማ፡ ኣብ ጽሑፍ
ይስፈር ወይ ኣይስፈር፡ ኣካል ውዕል
ስራሕ ምዃኑ ዘይተርፎ’ዩ። ትካል እቲ
በብእዋኑ ንሰራሕተኛታት ዝተዋህቡ
ስልጠናታትን ትምህርትታትን

ብዝግባእ ክስንድን ክዕቀብን ክኽእል
ከምዘለዎ፡ ጨንፈር ቁጽጽር ኩነታት
ስራሕ በዚ ኣጋጣሚ ክሕብር ይፈቱ።
ብተወሳኺ ትካል ብመንጽር
ዘተግብሮም መደባት ስራሕ፡ ዝውንኖም
ቦታታት ስራሕ፡ ዘካይዶም ንጥፈታትን
ዕማማትን ከምኡ’ውን ዝግልገለሎም
መሳርሒታትን ኣቕሑትን ምርኩስ
ብምግባር፡ ኣምሳያኦም ክስዕቡ ዝኽእሉ
ተኽእሎ ሓደጋታት (risks) ካብ
ዓይነቶምን ባህሪኦምን ጀሚርካ ክሳብ
ንምክልኻሎም ዝውሰዱ ስጉምትታት
ብዝርዝርን ንጹርን ብዝኾነ ኣገባብ
ንሰራሕተኛታቱ ክሕብር ሓላፍነት
ኣለዎ። እቶም ተኽእሎ ሓደጋታት፡
ፊዚካዊ፡ ከሚካዊ (ቀመማዊ)፡ ስነ-
ህይወታዊ (ባየሎጅያዊ)፡ ስነ-
ማሕበራውን ኣእምሮኣውን (ሶሽዮ-
ሳይኮሎጂያዊ) ከምኡ’ውን መካኒካዊ
ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ መሰረታዊ
ጉዳይ ግን እዞም ዓይነታት ተኽእሎ
ሓደጋታት መዓስን ብኸመይን
ከጋጥሙ ይኽእሉ? ነየኖት ጉጅለ
ሰራሕተኛታት ብዝያዳ ግዳያት
ይገብር? እቶም ሰራሕተኛታት
ድማ ብግደኦም እንታይ ዓይነታት
ስጉምትታት ወሲዶም ከወግድዎ
ወይ ከጕድልዎ ይኽእሉ? ዝብሉን
ካልእን ሓበሬታታት፡ ዳህሳሳዊ
ምርመራ ምክልኻል ሓደጋ ከካይዱን
ንዝምልከቶም ኣካላት ስሩዕ ብዝኾነ
መተሓለለፊ ኣገባባት ክሕብሩን
ኣለዎም። ብዘይካ’ዚ፡ ጥንቃቐን
ግንዛበን ተኽእሎ ሓደጋታትን
ምክልኻሉን ከማዕብሉ፣ ከም
ውጽኢቱ ድሕነትን ጥዕናን ነብሶም፡
መሳርሕቶምን ዝሰርሑሉ ትካልን
ከውሕሱ ይሕግዞም። ኣብ’ዚ
መዳይ’ዚ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን ነዚን ካልእን ዝርዝራትን
ትሕዝቶታትን ዘካተተ፡ ትካላት
ፖሊሲን መምርሒን ሞያዊ ድሕነትን
ጥዕናን ነዲፈን ከውጽኣ፡ ኣድላይ
ዘበለ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን
ይገብር’ዩ። ይኹን’ምበር ብዙሕ
ዝተርፉ ነገራት ከምዘለዉ ክርዳእ
ክኢሉ ስለዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ኩሉ

ዓይነት ምትዕርራያትን ምምሕያሻትን
ተገይሩ ብሰፊሑ ክሰርሓሉ፡ ከም
መደብ ተታሒዙ ኣሎ።
ፖሊሲን መምርሒን ሞያዊ
ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን
ቦታ ስራሕን ብደረጃ ትካል ተዳልዩ
ክቐርብ ከሎ፡ ትካል ካብ ስራሕ
ንዝብገሱ ሓደጋታትን ሕማማትን
ክጎድል፡ ሞራልን ኣፍራይነትን
ሰራሕተኛታት ክብርኽ፡ ከምኡ’ውን
ንሰራሕተኛታት ዝኽፈል ካሕሳ
ክጎድል ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ። ስለዚ
ህላወ ናይዚ ሰነድ’ዚ ኣብ ትካላት
ተዳልዩ ክቐርብን ክሰርሓሉን ሓያል
ድፍኢትን ምብግጋስን ክግበረሉ’ዩ።
ተራን ሓላፍነትን ትካል ኣብ
ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን፡ ኣብ
ቀረብ ስልጠናታትን ትምህርትታትን
ከምኡ’ውን ምድላው ፖሊሲን
መምርሒን ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን
ጥራይ ከይተሓጸረ፡ ብተወሳኺ’ውን
መምስ ኩነታቱን ክውንነትን
ዝኸይድ፡ ምዕቡልን ውሑስን
ኣገባባት ኣሰራርሓ ከተኣታትው
ክኽእል ይግባእ። ድሕነትን ጥዕናን
ብመሰረቱ ኣዝዩ ተዓጻጻፊ ባህርይ
ዘለዎ ዛዕባ ዕዮ’ዮ። ድሕነትን ጥዕናን
ንምውሓስ ኣቐዲሞም ዝውሰዱ
ዝነበሩ ስጉምትታት፡ ድሕሪ ዝተወሰነ
ግዜ ምስ ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን፡
ምቅይያር ኩነታት ስራሕ፡ ተሳትፎ
ፍሉያት ጉጅለታት ሰራሕተኛታት
(ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንእስያት ቈልዑ፡
ስንኩላን፡ ዘቤታውያን ሰራሕተኛታትን
ስደተኛታትን ካልእን ዝኣመሰሉ
ብብዝሒ ኣብ ስራሕ ዓለም ይሳተፉ

ብምህላዎም)፡ ምቕልቃል ሓደስቲ
ኬሚካላትን ካልእን ካብ ግዜ ናብ
ግዜ ብዝለዓለ እናተጸለዉ ይኸዱ
ምህላዎም፡ ጸብጻባት ኣህጉራዊ
ውድብ ዕዮ የነጽሩ። ትካላት ድማ
ብእኡ መጠንን ጻዕሪን ኣጠዓዒመን፡
ኣተሓሳሰባን ተበግሶን ሰራሕተኛታት
ክልውጣ ኣዝየን ይጽገማ ምህላወን፡
ብግልጺ ዝርአ ዘሎ ተርእዮታት’ዩ።
ኣብ ሓደ እዋን ውሑስ ተባሂሉ
ዝተሰርሓሉ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡
ድሕሪ ገለ እዋን ሕጽረታቱ ተገሊጹ
ዘይውሑስ ተባሂሉ ክእለ ይግበር።
እዚ ዓይነታት ተግባር ድማ ድሕነትን
ጥዕናን ንምውሓስ፡ ኣብ ዝግበር
ጻዕርታት ተወሳኺ ፈተነን ጸገምን
ይፈጥር። ከም ሳዕቤኑ ሰራሕተኛታት
ግዳያት ይኾኑ ማለት’ዩ። ንኣብነት፡
ኣብ ምጽራይ ወርቂ ንነዊሕ ዓመታት
ዘገልገለ ሜርኵሪ ሳዕቤናቱ ተነጺሩ
ብሳይናይስ ከምዝትካእ ኮይኑ። ተሳትፎ
ደቂ-ኣንስትዮን ቈልዑን ኣብ ተኣፈፍቲ
ንጥፈታት፡ ተርእዮ ኮቪድ 19ን
ካልእን ገለ ካብቶም ዝጥቀሱ ኣብነታት
ኮይኖም፡ ድሕነትን ጥዕናን ንምውሓስ
ኣብ ዝግበር ዝነበረ ጻዕርታት ሓድሽ
ኣንፈት ክሕዝ ገይሮም’ዮም።

ይቕጽል

ብንያም ኣሕፈሮም
ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን

መበል 31 ዓመት ቁ.49 27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 4

ሓዳስ ኤርትራ

ልቦናን ፍልስፍናን ልቦናን ፍልስፍናን
ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

መበል 31 ዓመት ቁ.49 27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 5

“ዕዉታት ሰባት ነቲ ዘይዕዉታት ሰባት

19 ክፋል ጽቡቕ ስራሕ - ዝያዳ ኣኻዕብት
ክሰርሕዎ ፍቓደኛታት ዘይኰኑ እዮም
ዝዓምሙ። ዋላ እቲ ዕዮ ዘይረብሕ
ዝመስል እንተ ዀነ።” - ጀፍ
ኦልሰን
“እቲ ዝዓበየ ምስጢር ኣብ ህይወት፡
ዓቢ ምስጢር ዝበሃል ከም ዘየለ ምፍላጥ
እዩ። ሸቶኻ ዝዀነ ይኹን፡ ክትሰርሖ
ድሌት እንተ’ልዩካ፡ ክትበጽሖ ትኽእል
ኢኻ።” - ኦፕራ ዊንፍሪ
“ኣብ ስርሐይ እኹል ምልከት
ኣለኒ።”
“ጽቡቕ።”
“ኣብ ግዜ ግዳ፡ ኣይግድን እየ።”
“ኣበሃህላኻ ኣይተረድኣንን።”
“ንዝተዋሃብኩዋ ስራሕ ኣብ ግዜኣ
ከረክባ ምሒር እየ ዝጽገም።”
“ስለምንታይ?”
“እቲ ምኽንያት እኮ እዩ
ዘይርደኣኒ።”
“ምዝንጋዕ ተብዝሕ ዲኻ?”
“ከም መንእሰይ ግድንዶ ኣይኰንኩን
ክዘናጋዕ ዘለኒ።”
“ምዝንጋዕ ዝጽላእ ኣይኰነን።
ንስራሕካ ዝሃሲ ምዝንጋዕ እዩ እቲ
ዘይተባባዕ።”
“ንስርሐይ ዝሃሲ ምዝንጋዕ እኳ
ኣየዘውትርን እየ።”
“እሞ ፍጹም ስራሕ ከተበርክት
እትሕልን ከይትኸውን።”
“ፍጹም ስራሕ ሕማቕ ድዩ?”
“ሕማቕ ኣይኰነን። የግዳስ ዝከኣል
ኣይኰነን። ኣብ ስራሕካ ምድንጓያት
ንኽትፈጥር ጠንቂ ክኸውን እውን
ይኽእል እዩ። እቲ ካባኻ ትጽቢት
ዝግበር፡ …።”
ኣብ ህይወት ብዙሕ ሓላፍነታት
ኣለና። እቲ ሓላፍነት ንገዛእ ርእስናን
ንኻልኦትን እዩ። እዚ ድማ፡ ኣድህቦናን
ሓልዮትናን ይሓትት። ብተወሳኺ፡ ገለ
ክንጭብጦ እንደሊ ክህሉ ይኽእል
እዩ። እዚ ድማ፡ ዝያዳ ኣቓልቦና
ይሓትት።
እዚ ዝያዳ ተምሳጥ ዝፈጥረልና
ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ
ፍጻመ እቲ ስራሕ ዝህልወና ኣቃውማ

እእምሮ (MIND SET)፡ ኣብ ጽፈትና
ኣበርክቶ ኣለዎ።
መብዛሕትኡ ግዜ ንገዛእ ርእስና ዋላ
ኣብቲ ዘይምስጠና ወይ ዘየገድሰና
ገለ ነገር ክትሰርሕ ነገድዳ ኢና። “ኣነ
ን… ክውድኦ ኣለኒ።” ወይ “ኣነ
ሕጂ … ክሰርሕ ይግበኣኒ።” ዝብሉ
ዘረባታት ብዙሕ ግዜ ይመልቊና
እዮም። እቶም ቀንዲ መፍትሕ-
ቃላት ናይዞም ኣብነታት - ‘ኣለኒ’
ከምኡ’ውን፡ ‘ይግበኣኒ’ ዝብሉ ቃላት
እዮም።
ንገዛእ ርእስኻ ገለ ነገር ክትሰርሕ
ክትሓትታ እንከለኻ፡ ኣብ ምዕማም
እቲ ስራሕ ከይተፈለጠካ ትሑት
ተገዳስነትን ድርኺትን ተሕድር።
እቲ ጠንቂ፡ እቲ ዕዮ ኣብ ክንዲ ከም
ምርጫ ከም ግዴታ ይቝጸር ስለ
ዘሎ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣንጻር ባዕልና

ዘተኣታተናዮ (SELF-IMPOSED)
ግዴታ ክንዕምጽ ንጅምር።
ኣብ ክንድኡ ንኣቃውማ ኣእምሮና
እንተ ቐይርናዮ፡ ንምዝዛም እቲ ዕዮ

ምርጫ እንተ ገይርናዮ፡ እቲ ዕድል
ናይ ምዕማጽን ምድንጓያትን ይንኪ።
እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ኣብነት፡
ነቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም
መፍትሕ-ቃላት ናብ “ኣነ ን…
ክውድኦ እደሊ እየ።” ከምኡ’ውን፡
“ኣነ ሕጂ … እደሊ።” ናብ ዝብል
ብምልዋጥ፡ እቲ ዕዮ ኣብ ትሕተ-
ዉኖ ኣእምሮና ከም ምርጫ ይርአ።
ክንዲ ዝዀነ፡ እቲ ምርጫ ኣብ መንጎ
ምዝዛም እቲ ዕዮን ሳዕቤን ዘይምዝዛም
እቲ ዕዮን ይቐውም።
ቅድሚ ነቲ ዕዮ ምጅማርካ ኣብ ዘሎ
ግዜ፡ ነዚ ናጻ ምርጫ ንገዛእ ርእስኻ
ኣቕርበላ። ሳዕቤን ነቲ ስራሕ ዘይምዝዛም
ካብቲ ነቲ ስራሕ ምዝዛም ንላዕሊ
ዘዋጽእ ኰይኑ እንተ ተተሰሚዑካ፡ ነቲ
ዕዮ ኣይትዕመሞ።
ኣብዚ መዳይ ዝሕግዙኻ ገለ ሕግታት
ኣለዉ፥
ነቲ ስራሕ ከም ናጻ ምርጫ
ወሲድካ፡ ነቲ ሳዕቤን ገምግሞ።
ስራሕ ክንዛዝም እንከለና፡ ነቲ
ስራሕ ብፍጹምነት ክንዓምሞ ኢና
እንደሊ። ዝዀነ ይዅን ንእሽቶ
ጌጋ ከቶ ክትሓልፈና ኣይንደልን
ኢና። እዚ ፍጹምነት፡ ነቲ ስራሕ
ከቢድ ይገብሮ። ኣብ ርእሲ እዚ፡
ኣብቲ ስራሕ ዘየድሊ ምድንጓያት
ከም ዝፍጠር ይገብር። ኣብ ክንድ’ዚ
እምበኣር፡ ዝከኣል እንተ ዀይኑ፡ ፈለማ
ንድፊ ናይቲ ዕዮ ኣውጽእ። ነቲ
ንድፊ ንምምሕያሽ ባይታ ብዝፈጥር
ኣገባብ እንተ ኣውጺእካዮ፡ ጸኒሕካ
ከተማሓይሾ ትኽእል ኢኻ። እዚ
ኣገባብ፡ ኣድማዒ ስራሕ ንኽትጅምር
የቃልለልካ። ምድንጓያት ከም ዝንኪ
ድማ ይገብር።
ፍጹም ስራሕ ክትሰርሕ ክትብል
ኣይትጨነቕ
ኣብ ስራሕ ገለ ሕጸረታት ከጋጥም
ንቡር እዩ። ንስራሕ ብውጥን እንተ
ተታሓሒዝካዮ፡ ነቶም ከጋጥሙ
ዝኽእሉ ሕጽረታት ኣቐዲምካ
ክትነቕሓሎም ይሕግዘካ። ንናይ
ዕረፍቲ ግዜኻ ብዝግባእ ንኽትምድብ

እውን ይጠቕመካ። ናይ ሰሙን ውጥን
ስራሕ ከነውጽእ እንከለና፡ ንግዜ ስራሕ
ዘይውሱን እንተ ገይርናዮ፡ ምጽዋሩ
ክኸብደና ከም ዝኽእል ርዱእ እዩ።
ክንዲ ዝዀነ፡ ኣብ ስራሕና ዝያዳ
ኣፍረይቲ ንኽንከውን፡ እቲ ስራሕ
ዝዛዘመሉ ግዜ ክንውስኖ ይግባእ።
ኣብ መወዳእታ፡ ፍጹም ስራሕ ስለ
ዘየበርከትና ብዙሕ ከጨንቐና የብሉን።
እቲ ዝያዳ ከነስምረሉ ዘለና፡ ቀጻሊ
ኣብ ብቕዓት ስራሕና ክንመሓየሽ
ከም ዘለና እዩ። ንእኹል ዕረፍቲ ወይ
ምዝንጋዕ ዝኸውን ግዜ ኸኣ፡ ግድን
ክንምድብ ኣለና። እቲ ምንታይሲ፡
ዝደኸመ ኣእምሮ ወይ ብድኻም
ረሸሽ ዘበለ ጒልበት፡ ብቑዕ ስራሕ
ክዓምም ምሒር ኣጸጋሚ እዩ።
ንግዜ ምዝንጋዕ ወይ ዕረፍቲ ደረት
ክግበረሉ የድሊ።
ኣብ ህይወትና ዕረፍቲ ወይ
ምዝንጋዕ ከም ዘድልየና ርዱእ እዩ።
ንዕረፍትና ብዝጥዕመና መንገዲ
ከነሕልፎ ንኽእል። ንኣብነት፡ ፊልም
ብምዕዛብ፡ ምስ ዓርከ-መሓዙትና
ብምዕላል፡ መጽሓፍቲ ብምንባብ፡ ናብ
ታሪኻውያን ቦታታት ብምብጻሕ፡ …
ክንዘናጋዕ ንኽእል። እዞም ንጥፈታት
ምስ ምዱብ ስራሕካ ዝጋጨዉ ክዀኑ
ኣይግባእን። ሰንበት ለይታዊ ትልሂት
ሓዲርካ፡ ሰኑይ ብኸመይ ኣድማዒ
ስራሕ ከተበርክት ትኽእል? ምሸት
ብኣልኮላዊ መስተ ተሰኒፍካ ሓዲርካ፡
ንጽባሒቱ ንግሆ ብኸመይ ኣድህቦ
ገይርካ ጽቡቕ ስራሕ ክትሰርሕ
ትኽእል? ክንዲ ዝዀነ፡ እቲ ዓይነት
እትዘናግዓሉ ምስ ስራሕካ ዝራጸም
ከይከውን ልዑል ጥንቃቐ ክትገብር
ኣድላዪ እዩ።
ብውጥንካ መሰረት ስራሕካ
ክትዓምም እንተ ዘይክኢልካን
እኹል ዕረፍቲ እንተ ዘይረኺብካን፡
እተከሓሕሰሉ መንገዲ ፍጠር።
እናሓንሳእ ቅድሚ እቲ
ዝወጠንናዮ ግዜ፡ ስራሕና እንዓምመሉ
እዋን ኣሎ። ሽዑ ናበይ ከም
እንኸይድ ወይ እንታይ ከም እንሰርሕ

ክሕርብተና ይኽእል። ብመንጽሩ፡
ካልእ መዓልቲ እቲ ስራሕ በቲ
ዘውጻእናዮ ውጥን መሰረተ ክንዛዝሞ
ከጸግመና ይኽእል። ነቲ ስራሕ ግድን
ሽዑ መዓልቲ ክንዛዝሞ ትጽቢት
ዝግበረልና እንተ ዀይኑ፡ ኣብ ቦታ
ስራሕና ንተወሰኽቲ ሰዓታት ክንጸንሕ
ንግደድ። ነቲ ስራሕ ንጽባሒቱ ከነረክቦ
ዕድል እንተ ረኺብና፡ ምናልባት ነቲ
ስራሕ ናብ ገዛና ወሲድና (ዝፍቀድ
እንተ ዀይኑ ማለት እዩ) ክንዓምሞ
ንግደድ። ካብ ውጥንና ክንድሕር
እንከለና - ጸቕጢ፡ ቅሬታን ሕፍረትን
ከስዕበልና ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ
ንምእላይ እኹል ምቅርራብ ገይርና
ምጽናሕ ተመራጺ ይኸውን።
ንስራሕካ ብሞደል ‘ስማርት’
(SMART) ዕመሞ።
ሞደል ‘ስማርት’ ብእኩብ
ረቛሒታት ዝቘመ ኰይኑ፡ ውጽኢታዊ
ስራሕ ንኽፍጠር ይሕግዝ። ነዞም
ዝስዕቡ ድማ የጠቓልል፥
* ውሱን (SPECIFIC)፦ ሓደ
ዕዮ ንምዕማም ውሱን ሸቶ ክህልወካ
ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዕዮ ዘይንጹር
ምስ ዝኸውን፡ እቲ ድራኸ ትሑት
ይኸውን። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብቲ ዕዮ
ዘየድሊ ምድንጓያት ይፍጠር።

* ተዓቃኒ (MEASURABLE)፦
ሓንሳእ እቲ ዝዓበየ ዕዮ ናብ
ንኣሽቱ ዕዮታት ምስ ተመቓቐለ፡
ንኸተመሓድሮ ዝቐለለ ይኸውን።
ነቲ ዕዮ ንኽትዛዝሞ ዝያዳ ዝጠዓመ
ይኸውን። እቲ ዓቢ ዕዮ ናብ
ንኣሽቱ ዕዮታት ክመቓቐል እንከሎ፡
ንኽትዕቅኖ ዝቐለለ ይኸውን። እንታይ
ዓይነት ገስጋስ ተመዝግብ ከም ዘለኻ
ብቐሊሉ የርእየካ። እዚ ድማ፡ ነቲ ዘለካ
ድርኺት ቀጻሊ ክብ የብሎ።
* ቅቡል (ACCEPTED)፦ ዕዮታት
ብቐሊሉ ክዕመሙ ዝኽእሉ፡ እቲ
ዕዮ ቅቡልን ትርጒም ዘለዎን ምስ
ዝኸውን እዩ። እቲ ስራሕ ንጹር ዕላማ
ክህልዎ ይግባእ። እቲ ዕዮ ተቐባልነት
እንተ ስኢኑ፡ ነቲ ዕዮ ንምዝዛም ዝህሉ
ድርኺት ይንኪ። ከም ሳዕቤኑ፡

ምድንጓያት ይበዝሕ።

* ክውንነታዊ (REALIST-
TIC)፦ ብርግጽ እቶም ዕዮታት
ኣብቲ እተዋህበ መቓን ግዜ
ክውንነታውያን ክዀኑ ኣለዎም።
ነቲ ስራሕ ንምዝዛም እኹል ግዜ
እንተ ዘይሃልዩ፡ ብቕዓት ናይቲ ዕዮ
ኣብ ጸገም ይወድቕ። ንኣብነት፡ ኣብ
መወዳእታ ሰዓት ንፈተና ምድላው፡
ከዐውተካ ኣይክእልን እዩ። ብሃታሃታ
እተሰርሐ ፊልም ንተዓዘብቱ ከዕግብ
ትጽቢት ኣይግበረሉን። ምእንቲ’ዚ፡
ስራሕካ ብብቕዓት ንምዝዛም
እኹል ግዜ ክትምድብ ከም ዘለካ
ኣይትዘንግዕ።
* ገደብ ግዜ፦ ኣብ ነዊሕ ግዜን
ኣብ ዘይተገልጸ ግዜን ከተድህብ
ከቢድ ስለ ዝዀነ፡ እቲ ዕዮ ገደብ
ግዜ ክህልዎ ይግባእ። ገለ ዕዮታት
ጋዕዝዮም እንርእዮም፡ ብግዜ ስለ
ዘይእሰሩ እዮም። ዝዀነ ዕዮ ብገደብ
ግዜ እንተ ዘይተሓጺሩ፡ ብተወፋይነት
ሰሪሕካ ክትዓምም ዘሎ ተኽእሎ
ምሒር ጸቢብ እዩ።
ኣብ ስራሕካ እተመዝግቦም
ገስጋሳት ብዝተኻእለካ መጠን ኣብ
ደብተርካ ክትምዝግቦም ጽቡቕ እዩ።
ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ምኽታል፡
ማእዝንካ ኣነጺርካ ኣብ ዕዮኻ
ንኽትሕንበብ ሓጋዚ እዩ።
ንገስጋሳትካ ብንጹር
ምምዝጋብ፡ ብቐሊሉ ኣብ ስራሕካ
ንኽትድረኽ ይጠቕመካ። ከም
ውጽኢቱ፡ ምድንጓያት ስራሕ
ይንኪ። ብተወሳኺ፡ ክሳብ ክንደይ
ሰዓታት ኣብ ስራሕካ ከም ዝጸናሕካ፡
እንታይ ውጽኢት ከም ዘመዝገብካ፡
ኣበየናይ መዳይ ምምሕያሽ
ክትገብር ከም ዘለካ፡ … ንኸተለሊ
ይሕግዘካ።
ኣብ ስራሕ ጌጋ ከጋጥም ንቡር
እዩ። እወ እቲ ዝሰርሕ እዩ ዝጋገ።
ምእንቲ’ዚ፡ ኣብ ስራሕካ ጌጋ ኣብ
እትፍጽመሉ፡ ንገዛእ ርእስኻ ይቕረ
ግበረላ። ንገዛእ ርእሱ ይቕረ ዘይብል
ሰብ፡ ኣብ ስራሑ ከድህብ ምሒር
እዩ ዝጽገም። ምስ ገዛእ ርእስኻ
ካልእ ሰብ ከተዓርቐካ ኣይክእልን
እዩ። ባዕልኻ ጥራይ ኢኻ ክትዕረቕ
እትኽእል። ክንዲ ዝዀነ፡ ግዜ
ሂብካ ምስ ገዛእ ርእስኻ እሂን
ምሂን ተበሃሃል። እቲ ኣብ ስራሕ
ዝፈጠርካዮ ጌጋ፡ ኩሉ ሰብ ክፍጽሞ
ዝኽእል ከም ዝዀነ ገይርካ ንገዛእ
ርእስኻ ኣእምና። ብድሕሪኡ ኢኻ፡
ዘሎ ሓይልኻ ኣኻኺብካ ናብ ንቡር
ስራሕካ ክትምለስ እትኽእል።
“ንሕልምኻ ክትሃንጾ እንተ
ዘይክኢልካ፡ ካልኦት ሰባት ሕልሞም
ንኽትሃንጸሎም ክቘጽሩኻ እዮም።” -
ዲሩባይ ኣምባኒ
“ንሕሉፋት ጌጋታትካ
ረስዓዮም። ንፍሽለታት ረስዓዮም።
ብዘይካ ነዚ ሕጂ እትዓምሞ ዘለኻ፡
ንኹሉ ነገር ረስዓዮ።” - ዊልያም
ዱራንት
ይቕጽል

ሓዳስ ኤርትራ መበል 31 ዓመት ቁ.49 27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 6

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ

ዞባ ማእከል ኣስመራ

ትሕቲ ዕድመ ኣስቴና ኣማረ ወልዳይ
ብወለዳ ኣቶ ዑቕባገብርኤል ወልዳይን
ወ/ሮ ይርግኣለም ፍስሃየን ኣቢላ ኣስቴና
ኣማረ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ኣርሴማ
ዑቕባገብርኤል ወልዳይ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን16/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.41
6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ልዋም ሃብቶም ዘርኤ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም
ሃብተስላሴ ዘርኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/21
ኣብ 1ይ ቤት ፍርዲ 3ይ መጋባእያ ቁ.37
ይቕረብ።

ሕርይቲ ሰለሙን ኣብርሃ ምባል
ተሪፉ፡ ሳሮን ሰለሙን ኣብርሃ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን23/11/21 ኣብ 3ይ መጋባእያ
ቁ.37 ይቕረብ።

ናትናኤል ሙሴ ኣሚነ፡ ናይ ክብሪ
መዝገበ ስም ናብ ማቲዎስ ሙሴ ኣሚነ
ክቕይሮ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን9/11/21 ኣብ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ኣርባዕተ ኣስመራ

ብእምነት ሚኪኤል ኣብርሃ፡ ኣቦይ
ሚኪኤል ኣብርሃ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ
ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/21 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ኣኽርያ

ወ/ሮ ለምለም መንግስቱ ግርመ፡ ሓብተይ
ኣመተጼን መንግስቱ ግርመ ስለዝሞተት፡
ኣነ ምስ 5ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን18/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ
መንደፈራ

ኣቶ ዘሙይ ስእለ ክፍሉ ምባል
ተሪፉ፡ ዘሚካኤል ስእለ ክፍሉ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን4/11/21 ኣብ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፌቨን ኣስፍሃ ዘሙይ ምባል ተሪፉ
ፌቨን ሃብቶም ዘርኢማርያም ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን4/11/21 ኣብ 4ይ መጋባእያ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ
ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓደውሐ

ኣለም ተኽለ ደስታ፡ ሓወይ ሓድጉ
ተኽለ ደስታ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ
ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/21 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ

ማይ ዕዳጋ

ሂወት ዑቕባገብርኤል ተስፋየውሃንስ፡
በዓል-ቤተይ ቀሺ ክፍለማርያም ቀሺ
ወልደየውሃንስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 8ደቀይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/21 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ
ዓዲ ቐይሕ

ስመይ መብራህቱ ገብረየሱስ ተመስገን
ምባል ተሪፉ፡ መብራህቶም ገረሱስ መስገን
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን16/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መብርሂት ሃብትኣብ ተኪኤ፡ ስም
ትሕቲ ዕድመ ደቀይ 1.ሩፍታ ፋሕራይ
ኣብርሃ 2.ሄኖስ ፋሕራይ ኣብርሃ ምባል
ተሪፉ፡ ድልየት ፋሕራይ ኣብርሃን ሄርሞን
ፋሕራይ ኣብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመሎም
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/11/21
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ
ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ መብራህቶም መስገን ደስታ፡ በዓልቲ-
ቤተይ ሓዳስ ወልደሚካኤል ጓንጉል
ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5ደቀይ ዝንቀሳቐስ
ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን7/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓጉሽ ገብረሂወት ዝግታ፡ በዓል-
ቤተይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ 12 ደቅና
ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/21
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ብርሃነ ፍረ፡ በዓል-ቤተይ
ኣብርሃለይ በርሀ ጨፈና ካብ ሃገር ወጺኡ
ን10 ዓመት ስለዝጠለመኒ፡ ሕጋዊ ዝኾነ
ፍትሕ ክፍጸመለይ ይጸዋዓለይ ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/21 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ኣስገዶም ዊንታ፡ ተኸሳሲ
ኣቶ በለጸ ኣስራት ምራጭ ሕጋውያን ሰብ
ሓዳር ኮይንና 3ቆልዑ ወሊድና፡ እንተኾነ
ካብ ሃገር ምስ ወጽአ 9ዓመት ክኣልየና
ኣይከኣለን ጠሊሙና፡ ስለዚ ይጸዋዓለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/11/21
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄለን ምላሽ መስገን፡ ተኸሳሲ ኣቶ
ዘገርግሽ ገብረመድህን ደስታ ሰብ ሓዳር
ኮይንና 1ቆልዓ ወሊድና፡ ካብ 2015 ሓዳሩ
ገዲፉ ካብ ሃገር ምስ ወጽአ ደሃይ ዝበሃል
የብለይን፡ ጉዳይና ብፍትሕ ክውዳኣለይ
ስለዝደለኹ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል
ይጸዋዓለይ ጉዳይና ናብ ቤተ ዘመድ
ሽማግለ ተመሪሑ ክረኣየለይ ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን 19/11/21 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ማእለዊያ

ወ/ሮ ለተብርሃን ኣብርሃ ገብረምካኤል፡
ተኸሳሲ በዓል-ቤተይ ተወልደመድህን
ቀሺ ኣድሓኖም ሰጋሊት ካብ ሃገር ምስ
ወጽአ ን12 ዓመታት ደሃይ ስለዘይገበረለይ
ሕጋዊ ፍትሕ ክፍጸመለይ ብኣካል ወይ
ብሕጋዊ ወኪል ይጸዋዓለይ ስለዝበለት፡
ን7/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
እንተዘይቀሪቡ ሕጋዊ ፍትሕ ክፍጸመለይ
ምዃኑ የፍልጥ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ
ደቡብ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ለተብርሃን ኣይነኣለም ተስፋገርግስ
ስም ትሕቲ ዕደመ ጓለይ ኣብ ናይ ክታበት
ሮዳስ ተስፋይን ኣብ ናይ ስዉኣት ፍርቱና
ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ራህዋ ተስፋይ
ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን8/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስራጅ ሳልሕ መሓመድ፡ ስም ኣቦይ
ስራጅ ሳልሕ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡
ስራጅ ዓብዱ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን15/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ከተማ ሰንዓፈ

ለተመድህን ሃብተግርግስ ብስራት፡ በዓል-
ቤተይ ወልዱ መዝገበ ገብረመድህን
ስለዝሞተ፡ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ
ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን18/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ከተማ ሰንዓፈ
ሓውሲ ከተማ ሰርሓ

ኣቶ ገብረመድህን ሶቓር፡ በዓልቲ- ቤተይ
ኣስካሉ መዝገበ ገብረ ስለዝሞተት ንዓይ
ናይ መጻምዲ መሰለይ ክሕለወለይ
ን5ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን9/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳልሕ መሓመድ እድሪሰይ ኣብቲ ብቤ/ጽ
ኮምሽን ኣባይቲ ዝተዋህበ ሰነድ ቅጥዒ
መ/ቁ 300156 ስመይ ዓሊ መሓመድ
እድሪሳይ ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ መሓመድ
እድረሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም
ኣደይ ፋጥና ስዒድ ሕሜዳ ምባል
ተሪፉ፡ ኸዲጃ ስዒድ ሕመዳይ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን11/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ
02 ምጽዋዕ

ወ/ሮ ተኽኣ ገብረ ተላ፡ ወደይ ዘልኣለም
መስፍን ኪዳነ ስለዝተሰወአ፡ ናይ ወደይ
ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/21 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ
ባርካ ኣቑርደት

ስመይ ኣበባ ተኸስተ መስፍን ምባል ተሪፉ፡
ኣበባ ከሰተ መስፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/21
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ
ባርካ ባረንቱ

ወ/ሮ መኣዛ ሳህለ እምባየ፡ ስም ትሕቲ
ዕደመ ወደይ ኮኾብ ሄኖክ ገብረእግዚብሄር
ምሕረቱ ምባል ተሪፉ፡ ኤስሮም ሄኖክ
ገብረእግዚኣብሄር ኣስመሮም ተባሂሉ
ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን2/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስመይ መስዑድ ዓብደልቓድር ምባል
ተሪፉ፡ መስዑድ መሓመድ ዓብደልቓድር
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን3/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ከተማ ባረንቱ

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ወልደትንሳኤ ከሰተ፡
ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ፍረወይኒ ወልዳይ
ሰለሙን ጉዳይ ብሰለስቲኡ ኣብያተ ፍርዲ
ዞባ ጋሽ ባርካ ዝተወሰነ ጉዳይ ኣፈጻጸም
ክግበረለይ ክብል ሓቲቱ፡ እንተኾነ ብፍ/በ/
ዕዳ ሰለስተ ግዜ መጸዋዕታ ተዋሂበን
ኣብ ኣድራሸአን ክርከባ ኣይከኣላን፡ ስለዚ
ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጸዋዓለይ

ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡
ን6/11/21 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሽላሎ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዘርኦም፡ በዓል-ቤተይ ኪዳነ
ተስፋይ ክፍሉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ 9ደቀይ
ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ
ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/21
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ገረንፊት

ወ/ሮ መድህን ታደሰ ግርማጼን፡
በዓል-ቤተይ ንጉሰ ጸጋይ ገብረሃንስ
ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ 5ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/21ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ
ኣውጋሮ

ኣቶ መድህን ገረዝጊሄር ተስፋ፡ ኣቦይ
ገረዝጊሄር ተስፋይን ኣደይ ለተዝጊ
ተወልደ ኣብርሃን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ
4ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/21
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ምድላው መምሃራን ኣስመራ (asmara college of Education) ኣብ ቀለብ ተመሃሮ ዝውዕል ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ካብ 1 ጥሪ 2022 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2022 ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

1.ኣሕምልትን ፍረታትን 2.ስጋ
ተጫረቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት
1.ፎቶ ኮፒ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ፎቶ ኮፒ ታሴራን ንኣታዊ ውሽጢ ሃገር ዝኸፈለሉ ናይ 2020 clearance የቕርብ።
2.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ዓይነት ቀለብ ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋ ንነፍሲ ወከፍ ናቕፋ 80,000 ብ C.P.O ኣትሒዞም የቕርቡ።
3.ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ። 4.ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሰላሳ (30) ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ’ውን ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፦ኣብ ኣሃዱ ዕድጊብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ስልኪ 08204284 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፈል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ምድላው መምሃራን ኣስመራ

ምስጋና

ብሞት ክቡርን ፍቱውን በዓል ቤተይ ኣቶ ዳኘው
ሃይለ ወልደገብርኤል ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን
እናገለጽና፡ ኣብ ዓዲ ጥልያን - ከተማ ሳሮና
ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ፓራዲዞ ብምምልላስን
ካብ ውሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋልን
ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ
እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣምለሰት ተኽለሚካኤል ወልደማርያም
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤቱን

ሓዳስ ኤርትራ

መደብ ጸወታ
ሎሚ
ላ’ሊጋ
ማዮካ - ሰቪያ 8፡00
ራዮ ቫለካኖ - ባርሴሎና 8፡00
ሪያል ቤትስ - ቫለንስያ 9፡00
ሪያል ማድሪድ - ኦሳሱና 10፡30

ሰረ’ኣ
ጁቬ - ሳሱሎ 7፡30
ሳምፕዶርያ - ኣታላንታ 7፡30
ኡዲነዝ - ሄላስ ቬሮና 7፡30
ካሊያሪ - ሮማ 9፡45
ኢምፖሊ - ኢንተር 9፡45
ላዝዮ - ፊዮረንቲና 9፡45

ዋንጫ ሊግ (ካራባኦ)
በርንለይ - ቶተንሃም 9፡45
ሌስተር ሲቲ - ብራይተን 9፡45
ፕሪስተን - ሊቨርፑል 9፡45
ስቶክ - ብረንትፎርድ 9፡45
ዌስት ሃም - ማን ሲቲ 9፡45

ሳላሕን ሊቨርፑልን . . .
* ሶልሻየር፡ ኣብ ቀራና መገዲ

እንታይከ ይስማዕ ኣሎ?

መጠን ገንዘብ ብ1.47 ሚልዮን ዶላር
ብጨረታ ተሸይጡ። እዚ ዝኸበረ ዋጋ
ዝተሸጠ ጫማ ስፖርት ተባሂሉ ኣብ
መዝገብ ክብረ-ወሰን ዝሰፈረ ጫማ፡
ፍርያት ናይክ ኮይኑ፡ ‘አየር ሺፒንግ’
ተባሂሉ ከምዝጽዋዕ ዘ ጋርድያን ገሊጻ።
ማይክል ጆርዳን፡ ኣብ 1984 ምስ
ጂካጎ ቡልስ ብምዃን ንመጀመርታ
ግዜ ዝተጻወተሉ እዚ ጫማ’ዚ፡ ፊዮሬላ
ዝተባህለ ጥንታውያን ናውቲ ብዝእክብ
ውልቀ-ሰብ ምዕዳጉ እቲ ምንጪ
ይውስኽ።

+ እንግሊዛዊ ተኸላኻሊ ክለብ ቸልሲ
ትረቮ ቻሎባ፡ ምስ’ዛ ለንደናዊት ክለብ
ንነዊሕ እዋን ዘጽንሖ ውዕል ክኽትም
ኣብ ጥርዚ ምብጽሑ ተሓቢሩ። እዚ
ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ ቅድሚ
ሒደት ሳምንት እዩ ምስዛ ዓባይ ክለብ
ቸልሲ ክስለፍ ጀሚሩ። ምንጪ -
ፉትቦል ለንደን

+ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ
ግጥም ኤልክላሲኮ ብሪያል ማድሪድ
2ብ1 ዝተሳዕረት ባርሴሎና፡ ተጻዋታይ
ኦስማን ደምበለ ንተወሰኽቲ ዓመታት

ምስኣ ዘጽንሖ ውዕል ክኽትም
ትምሕጸን ምህላዋ ተሓቢሩ። እዚ
ፈረንሳዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ፡ ክሳብ
መወዳእታ ናይዚ ዓመተ ስፖርት’ዚ
ኣብ ሜዳ ኖ ካምፕ ዘጽንሖ ውዕል
ኣለዎ። እንተኾነ፡ ክሳብ መወዳእታ
ናይዚ ወርሒ ጥቅምቲ ክታሙ ዘየንብር
እንተደኣ ኮይኑ፡ ካልእ ክለብ ክደሊ
ተሪር መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፋ።
ኣብ ግጥም ኤልክላሲኮ፡ ባርሴሎና
ዋላ’ኳ ካብ ሰርጆ ኣጕዌሮ እንኮ ሸቶ
እንተረኸበት፡ ካብ ስዕረት ክትናገፍ ግና
ኣይከኣለትን። እዛ ንሸቶታት ተጻወትቲ
ሪያል ማድሪድ ኣላባን ቫዝኼዝን
ከተምክን ዘይከኣለት ካታሎናዊት
ክለብ፡ ንኣሰልጣኒ ኮማን ከተፋኑ ኣብ
ጥርዚ ምህላዋ’ዩ ዝግለጽ። እዚ ከምዚ’ሉ
እንከሎ፡ ኣብ ማህሰይቲ ዝርከብ
ተጻዋታይ ባርሴሎና - ፐድሪ፡ ማህሰይቱ
ስለዝደገሶ ናብ ጸወታ ዝምለሰሉ እዋን
ከምዝተናውሐ ባርሴሎና ኣፍሊጣ።
እዚ ወዲ 18 ዓመት መንእሰይ፡
ክለቡ ብባየር ሙኒክ 3ብ0 ኣብ
ዝተሳዕረትሉ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ
ኤውሮጳ እዩ መጉዳእቲ ገጢምዎ።
እንተኾነ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ናብ

መበል 31 ዓመት ቁ.49

ምስራዊ ህቡብ ተጻዋታይ ክለብ
ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ፡ ኣብ ሜዳ
ኣንፊልድ ንኽጸንሕ ሰሙናዊ ፍርቂ
ሚልዮን ፓውንድ መሃያ ምሕታቱ
ጋዜጣ ማርካ ትማሊ ሓቢራ።
ወኪል ናይቲ ምስራዊ ተጻዋታይ
ዝኾነ ራሚ ዓባስ ትማሊ ንጋዜጣ ማርካ
ከም ዝሓበሮ፡ መሓመድ ሳላሕ ኣብ
ጽቡቕ ብቕዓት ከምዝርከብን ክንዮ
2023 ኣብ ሊቨርፑል ንኽጸንሕ ድማ
ተወሳኺ መሃያ ይሓትት ከምዘሎን
ኣነጺሩ። ንተኸላኸልቲን ሓላዊ ልዳትን
ኣንጻር ጋንታኡ ከርዕድ ዘይጽገም
ሳላሕ፡ ኣብ 2018 ምስ ሊቨርፑል
ብዝበጽሖ ስምምዕ ሰሙናዊ 237,000
ዩሮ እናተኸፍሎ ክጻወት ተሰማሚዑ
እዩ። ብሓፈሻ ዓመታዊ 12 ሚልዮን
ዩሮ ዝወስድ ሳላሕ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን
ብዘርእዮ ዘሎ ድኒቂ ብቕዓት፡ ሓያለ
ክብረወሰናት ክሰብር ክኢሉ እዩ።
ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ
ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ
ክለባት ማን ዩናይትድን ሊቨርፑልን፡
ሃትሪክ ዝሰርሐ ሳላሕ፡ ሜዳ
ኣንፊልድ ማእሚእዎ ከምዘሎን
ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ውጥን
ከምዘይብሉን ብተደጋጋሚ ክሕብር
ጸኒሑ እዩ። ኣብ ታሪኽ ፕሪመር

ሊግ እንግሊዝ ብኣፍሪቃውያን
ተጻወትቲ ንዝተመዝገበ ብዝሒ
ሸቶታት፡ ብ107 ክመርሕ ዝጀመረ
መሓመድ ሳላሕ፡ ቀዳማይ ውጥኑ፡
ዓወት ክለቡ ምርግጋጽን እታ ክለብ
ኣብ እትወዳደረሉ መድረኻት ዋንጫ
ምልዓልን ምዃኑ የረድእ። እንተኾነ፡
ምስ ዘለዎ ኣበርክቶ ‘ዘይእኹል’
መሃያ ይቕበል ምህላዉ ዝንገር
ሳላሕ፡ ኣቓልቦ ዓበይቲ ክለባት ስሒቡ
ብምህላዉ፡ ልዑል መጠን ገንዘብ ምስ
ዝቐርበሉ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር
ከምዝኽእል ዝጠቕሱ ወገናት እውን
ኣይተሳእኑን።
ብሰንበት፡ መሓመድ ሳላሕ ‘ብሉጽ
ተጻዋታይ’ ተባሂሉ ኣብ ዝተጸውዓሉ
ግጥም ሊቨርፑልን ማን ዩናይትድን፡
ከይታን ጆታን ንዓወት ሊቨርፑል ናብ
5ብ0 ዘበረኹ ተጻወትቲ እዮም።
ኣብ ካልእ ዜና ክለብ ሊቨርፑል፡
ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ምስ ተጻዋታይ
ማን ዩናይትድ ፖል ፖግባ ዝተራጸመን
ማህስይቲ ዝገጠሞን ተጻዋታይ
ሊቨርፑል ናቢ ከይታ፡ ማህሰይቱ

ፈኲስ ምዃኑን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ
ጸወታ ከምዝምለስን ክለቡ ኣፍሊጣ።
ኣብ 2018 ካብ ኣርቢ ሌፕዚግ ብ50
ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሊቨርፑል
ዝተጸምበረ እዚ ጊንያዊ ተጻዋታይ፡
ዋላ’ኳ ብሰንኪ ማህሰይቲ ብቕዓቱ
ኣታዊን ወጻኢን ምዃኑ እንተተሓበረ፡
ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ሊቨርፑል
ምዃኑ ሓያለ ተንተንቲ ይሰማምዑ።
እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣዝዩ
መሪር ስዕረት ዝገጠሞ ኣሰልጣኒ
ማን ዩናይትድ ሶልሻየር ኣብ ሜዳ
ኦልድትራፎርድ ናይ ምጽንሑ
ተኽእሎ ኣብ ምልክት ሕቶ ምእታዉ
ተገሊጹ። ሓያለ ተጻወትቲ በቲ ናይ
ትማሊ ሰንበት ዝተመዝገበ ስዕረት
ቁጠዐዖም ኣብ ልዕሊ ሶልሻየር ክገልጹ
እንከለዉ፡ ልዑል ቁጽሪ ደገፍቲ ማን
ዩናይትድ ድማ ምእላይ ሶልሻየር
ካብታ ጋንታ ዝጠልብ ጻውዒት
ምቕራቦም መራኸቢ ብዙሃን የረድኣ።
ኣብ ግጥም ኣንጻር ሊቨርፑል
ንፖል ፖግባ ብቐይሕ ካርድ
ዝኸሰረት ማን ዩናይትድ፡ ኣብዚ ሕጂ

እዋን ኣብ ሻውዓይ ተርታ ውድድር
ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ትርከብ። ካብ
መራሒት ናይቲ ውድድር ብሸሞንተ
ነጥቢ ርሒቓ እትርከብ ዩናይትድ፡ ኣብ
ዝሓለፈ ኣርባዕተ ጸወታታት ሓንቲ
ነጥቢ ጥራይ እያ ከተመዝግብ ክኢላ።
ድሕሪ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ፡

ትማሊ ናብ ካሪንግተን (ቦታ ልምምድ
ክለብ ማን ዩናይትድ) ዝተመልሱ
ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ፡ ቃዚኖም
ምንባሮም ደይሊ መይል ሓቢራ።
ብፍላይ ማርኮስ ራሽፎርድን ሉክ
ሻውን ብሰንኪ ህልዊ ኩነታት ክለቦም
‘ቅጭ ዝመጾም’ ይመስሉ ምንባሮም
እታ ምንጪ ብተወሳኺ ገሊጻ።
ብኣንጻሩ፡ ከም ጆን ማርታፍ
ዝኣመሰሉ ላዕለዎት ሓለፍቲ ማን
ዩናይትድ፡ ብፍሕሹው ገጽ ከምኡ
እውን ንክኢላታት ካሜራ ሰላም እናበሉ
ናብ ካሪንግተን ምብጽሖም ይንገር
ኣሎ። 30 ጥቅምቲ ምስ ቶተንሃም
ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝጽበዮ
ዘሎ ሶልሻየር፡ ዋላ’ኳ ክለቡ ኣንጻር
ኣታላንታ እንተተዓወተት፡ ዝመረጾ

ታክቲክ ግና ብከም ስኮለስ ዝኣመሰሉ
ገዳይም ተጻወትቲ ነበር ክንቀፍ ክኢሉ
እዩ።
ናይ ከም ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን
ዝኣመሰለ ደገፍ ከመዘለዎ ዝሕበር
ሶልሻየር፡ ዘይ ከም ሞሪኖን ሞየስን
ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ምብራሩ
ተኽእሎ ትሑት ምዃኑ ቢቢሲ
ንትንታነ ኣብ ዘቕረበቶ ጽሑፍ
ተረድእ። ዝሓለፈ ክረምቲ ንሰለስተ
ዓመታት ንማን ዩናይትድ ክኣሊ
ክታሙ ዘንበረ ሶልሻየር፡ ኣብ መቐየሪ
ክዳን ተጻወትቲ እውን ጥምረት
ክፈጥር ከምዘይከኣለ ይንገር።
ድሕሪ እቲ ናይ ትማሊ ሰንበር
ስዕረት፡ ሓያለ ጋዜጣታት እንግሊዝ፡
ከም ዚዳን ዝኣመሰሉ ኣሰልጠንቲ
ንቦታ ሶልሻየር ናይ ምትካእ ተኽእሎ
ከምዘለዎም ክገልጹ ጸኒሖምን
ኣለዉን። እንተኾነ፡ ዚዳን፡ ናብ ማን
ዩናይትድ ክሰጋገር ከምዘይደሊ ትማሊ
ንኢኤስፒኤን ሓቢሩ። ኣብ ልዕሊ ማን
ዩናይትድ ዘለዎ ክብሪ ዝገለጸ እዚ ወዲ
49 ዓመት ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ፡ እኹል
ዕረፍቲ ከምዘድልዮ ይግለጽ። ዝሓለፈ
ግንቦት ካብ ሪያል ማድሪድ ዝተባረረ
ዚዳን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ስራሕ ኣልቦ
ምህላዉ ይፍለጥ።

ጸወታ ክምለስ ልዑል ተስፋ ተገይሩሉ
እኳ እንተነበረ፡ ማህሰይቱ ስለዝደገሶ
ናብ ጸወታ ዝምለሰሉ እዋን ክናዋሕ
ከምዝተገደደ ደይሊ መይል ተረድእ።

+ ማን ሲቲን ባየር ሙኒክን ንወዲ
24 ዓመት ሆላንዳዊ ተጻዋታይ ክለብ
ባርሴሎና ፍሬንኪ ዲ ዮንግ ከፈርማ
ኣብ ቅልስ ምእታወን ተሓቢሩ።
ምንጪ - ካልቾ መርካቶ

+ ክለባት ባርሴሎናን ቦካ ጁንየርስን፡
ንዝኽሪ ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና ኣብ
ስዑድ ዓረብ ኣብ ዝተሰርዐ ግጥም
ክራኸባ ምዃነን ቢቢሲ ገሊጹ። እቲ
ግጥም14 ታሕሳስ ኣብ ሪያድ ፓርክ
ማርሱል ዝካየድ ኮይኑ፡ ዝተዓወተት
ክለብ ድማ ‘ዋንጫ ማራዶና’
ከምኡ እውን ትርንዕ ዝበለ ሞቕሽሽ
ከምእትወሃብን እቲ ምንጪ ይውስኽ።
ኣብ 1982 ካብ ቦካጁንየርስ ናብ
ባርሴሎና ዝተሰጋገረ ማራዶና፡ ኣብ
1997 ናብ ቦካ ብምምላስ ናይ ጸወታ
ኵዕሶ እግሪ ግዚኡ ኣብታ ክለብ
ምዝዛሙ ይዝከር። ምስ ቦካ ዋንጫ
ሜትሮፖሊታኖ ዘልዓለ ማራዶና፡ ምስ

ባርሴሎና እውን ናይ ኮፓ ደል ረይ፡
ኮፓ ደ ላ ሊጋን ሱፐር ኮፓ ኢጣልያን
ኣልዒሉ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ናፖሊ
ኣብ ዝነበረሉ እዋን ክልተ ዘውዲ
ሰረ’ኣ ክደፍእ ክኢሉ እዩ። ዋንጫ
ዓለም 1986 ምስ ኣርጀንቲና ዘልዓለ
ማራዶና፡ ሕዳር 2020 ብወቕዒ ልቢ
ኣብ መበል 60 ዓመት ዕድሚኡ ብሞት
ምፍላዩ ይፍለጥ።

+ ንኣንቶንዮ ሩዲገር ካብ ቸልሲ
ናይ ምስግጋር መደብ ዘለወን
ባርሴሎናን ሪያልማድሪድን፡ ነቲ ውጥን
ከምዘወንዘፋኦ ተሓቢሩ። እዚ ወዲ 28
ዓመት ተኸላኻሊ፡ ምስ ክለቡ ቸልሲ
ዘለዎ ውዕል ዝመጽእ ክረምቲ ዘብቅዕ
ኮይኑ፡ ቸልሲ ኣብ ዝስዕብ ናይ
ምስግጋር ወቕቲ ናብ ካልእ ክለብ
ምስ ዘይተሰጋግሮ፡ ብናጻ ናይ ምስግጋር
መስርሕ ናብ ዝደለዮ ክለብ ክግዕዝ
ክኽእል እዩ። በዚ ድማ ባርሴሎናን
ሪያል ማድሪድን ንሩዲገር ንምስግጋር
ክሳብ 12 ሚልዮን ዩሮ መሃያ ንዓመት
ክኸፍላ ውጥን ከምዝነበረን መርበብ
ሓበሬታ ጎል ትገልጽ።
** ** **

+ መጻወቲ ጫማ ኣመሪካዊ
ህቡብ ተጻዋታይ ኵዕሶ ሰኪዔት ነበር
ማይክል ጆርዳን ክብረ-ወሰን ብዝሓዘ

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል

ስፖርት
ermileul@gmail.com

27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 7

ሓዳስ ኤርትራ

Sabur Printing Services

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና መረብ ቁ.18 ከባቢ ካምፖቦሎ 124151

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት 27/7/2021

ዜና ወጻኢ ዜና ወጻኢ ሸዊት ተኽለ

መበል 31 ዓመት ቁ.49 27 ጥቅምቲ 2021 - ገጽ 8

ኣመሪካ ንገያሾ ሓድሽ ሕጊ ኣውጺኣ ኣመሪካ፡ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ካብ ዝጅምር

ኣትሒዛ ኣንቢራቶ ዝጸንሐት እገዳ
በረራታት ንመጀመርታ ግዜ ንምፍዃሱ
ኣብ ዝወሰነትሉ እዋን፡ ብዛዕባ ናብ ኣመሪካ
ክገሹ ዝደልዩ ወጻእተኛታት ዝምልከት
ሓድሽ ሕጊ ከምዘውጸአት ቤት-ጽሕፈት
ዋይት ሃውስ ሓቢሩ።
ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ካብ
ዝመጽእ ወርሒ ጀሚሩ ተግባራዊ
ዝኸውን - ዝኾነ መገዲ ኣየር ናብ ሃገራ
በረራታት ከካይድ’ኳ ኣፍቂዳ እንተላ፡ ጸረ
ኮቪድ-19 ዘይተኸተበ ገያሻይ ግን መሬት
ኣመሪካ ክረግጽ ኣይክፍቀዶን እዩ።
እቲ ብሰንኪ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ኣብ
ልዕሊ ብዓሰርተታት ዝቚጸሩ መንገዲ
ኣየራት ብሪጣንያ፡ ሃገራት ምዕራብ፡

ቻይና፡ ህንድን ካልኦት ሃገራትን ተነቢሩ
ዝጸንሐ እገዳታት ንኽልዓል፡ ሓለፍቲ
ናይተን መንገዲ ኣየራት ንፕረዚደንት
ጆ ባይደን ብተደጋጋሚ ክምሕጸነኦ
ምጽንሐን ይፍለጥ።
እቲ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ኣመሪካ
ነበር ዶናልድ ትራምፕ ዝተኣመመን
ዝተተግበረን እገዳታት፡ ምስ ምምጻእ
ሓድሽ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆ ባይደን
ናብ ስልጣን፡ መሊሱ ክጸንዕ ከምእተወሰነ
ይዝከር።
እቲ ኣብ ልዕሊ ሓያለ በረራታት ጸኒዑ
ዝጸንሐ እገዳ፡ ካብ ብራዚል፡ ቻይና፡ ደቡብ
ኣፍሪቃ፡ ብሪጣንያ፡ 26 ሃገራት ኣባላት
ሸንገን፡ ኣየርላንድ፡ ህንድን ኢራንን
ዝብገሱ ገያሾ ናብ ኣመሪካ ከይኣትዉ

ዝኽልክል ምንባሩ ጸብጻባት ይሕብሩ።
እዚ ዝሓለፈ ሰኑይ ፕረዚደንት ጆ

ባይደን ዝፈረመሉ ሓድሽ ሕጊ፡ እተን
መንገዲ ኣየራት ካብዘን እገዳ ተነቢሩወን

ዝነበረ ሃገራት ንዝብገሱ ገያሾ፡ ቅድሚ
ናብ ነፋሪት ምስቃሎም ከምዝተኸተቡ
ዝሕብር ወረቐት ከምዘለዎም ከረጋግጻ
ዘገድድ ምዃኑ’ዩ ዝሕበር ዘሎ።
በዚ መሰረት ድማ፡ እተን መንገዲ ኣየራት፡
እቲ ናይ ክታበት ወረቐት ካብ ወግዓዊ
ኣካል ከምዝተዋሃበን፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ
ወርሒ ቅድሚ በረራ ዝተውሃበ ምዃኑን
ከረጋገጽጻ ክግደዳ እየን።
ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ሕጊ፡ ትሕቲ
18 ዝዕድሚኦም መንእሰያት ክኽተቡ’ኳ
ዘይግደዱ እንተኾኑ፡ ካብ ቫይረስ ኮሮና
ነጻ ምዃኖም ዝሕብር መረጋገጺ ወረቐት
ክሕዙ ግን ክግደዱ እዮም። እቲ ወጺኡ
ዘሎ ሓድሽ ሕጊ፡ ካብ 8 ሕዳር ጀሚሩ
ተግባራዊ ክኸውን እዩ።

ፈይስ ቡክ፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ 9 ቢልዮን ዶላር ከሲቡ

እቲ ብተደጋጋሚ ግዳይ ነቐፌታት
ዝኸውን ዘሎ ኩባንያ ማሕበራዊ
መራኸቢ ፈይስ-ቡክ፡ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ
ዓመት ናይ 2021 ልዕሊ ትጽቢት
መኽሰብ ከምዘኻዕበተ ልሒኾም ዝወጽኡ
ሰነዳት ናይቲ ማሕበራዊ መራኸቢ

ኣመልኪቶም።
እቲ ዓቢ ትካል ማሕበራዊ መራኸቢ፡ ካብ
ሓምለ ክሳብ መስከረም ኣብ ዝነበረ ናይ
ሰለስተ ኣዋርሕ ግዜ፡ ብድምር 9 ቢልዮን
ዶላር እቶት ከምዝረኸበ ዝጠቐሱ እቶም
ሰነዳት፡ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ናይ ዝሓለፈ
ዓመት ግን 7.8 ቢልዮን ዶላር ጥራይ
ኣታዊታት ረኺቡ ምንባሩ ሓቢሮም።
እንተኾነ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ህዝቢ
ዝቐረበ ሓድሽ መሰል ውልቃውነት
ዝሕልው ስርዓታት ዝተገጥመሉ ኣፕል
ኣይኦኤስ፡ ፈይስ-ቡክ ናብ ፍሉያት
ዓማዊሉ መወዓውዒታት ከይገብር
ዕንቅፋት ኮይኑዎ ከምዘሎ ይግለጽ።
ኩባንያ ፈይስቡክ ነዚ ገዚፍ መኽሰብ’ዚ
ዘኻዕብት ዘሎ፡ ፍራንሲስ ሃውገን
ዝተባህለት ሰራሕተኛ እቲ ትካል

ዝነበረት ሰበይቲ፡ ብዛዕባ ኣብቲ ትካል
ዘሎ ዘይጽፉፍ ኣሰራርሓ ኣመልኪታ
ምስጢራዊ ሓበሬታ ኣብ ዝዘርግሓትሉ
እዋን እዩ።
እቲ ፍራንሲስ ሃውገን ናብ ህዝቢ
ዘቃልዓቶ ምስጢራዊ ሰነድ፡ ፈይስ-
ስቡክ ልዕሊ ድሕነት ዓማዊሉ ውልቃዊ
መኽሰባቱ ዘቐድም ምዃኑ ዘመልክት
እዩ ነይሩ።
እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ መስራትን
ላዕለዋይ ኣካያዲ ስራሕን ፈይስ-ቡክ
ማርክ ዙከርበርግ ምስ ኣውፈርቲ ሰብ-
ሃብቲ ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ እቶም
ሶሊኾም ወጺኦም ዝብሃሉ ዘለዉ ሰነዳት
ኮነ ኢልካ ንምስሊ እቲ ትካል ንምድዋንን
ንምዕናውን ዝግበሩ ዘለዉ ሽርሕታት
ምዃኖም ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ብመጥቃዕቲ ሶርያ ንኢራን ወቒሳ

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሶርያ
ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኣመሪካ ዓስኪሩሉ
ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ‘ኣል-ጣንፍ’
ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ፡
ኢድ ናይ መንግስቲ ኢራን ከምዝነበሮ
ሰብ-መዚ ኣመሪካ ወቒሶም።
ኣሶሸትድ ፕረስ ነቶም ሰበ-ስልጣን
ብምጥቃስ ብሰኑይ ኣብ ዝዘርግሖ
ሓበሬታ፡ ዋላ’ኳ እተን ነቲ መጥቃዕቲ
ዘካየዳ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ካብ ኢራን
ኣይበገሳ፡ መንግስቲ ኢራን ግን ነቲ
መጥቃዕቲ ኣድላዪ ዝኾነ ደገፋት ገይሩሉ
ኢሎም ከምዝኣምኑ ሓቢሩ።
እቶም መንነቶም ብንጹር ዘይተገልጸ
ላዕለዎት ሰብ-መዚ ኣመሪካ፡ እተን ሰብ-
ኣልቦ ነፈርቲ ዋንነት ኢራን ከምዝዀና፡
መንግስቲ ኢራን ድማ ንተጠቃምነት
እተን ነፈርቲ ኣብ ግብሪ ኣውዒሉዎ
ከምዘሎ ሓቢሮም።

2020፡ ዝለዓለ መጠን ሙቐት

ዝተራእየላ ዓመት ኰይና

ኣብ ዝሓለፈ 2020፡ መጠን ትፋእ
በከልቲ ጋዛት ኣብ ጠፈር ክብረ-ወሰን
ከምዝሓዘ፡ ኣህጉራዊ ውድብ ኩነታት
ኣየር ኣብ ዘውጸኦ ጸብጻብ ሓቢሩ።
እቲ ብሰኑይ ዝተዘርግሐ ጸብጻብ፡ ናብ
ህዋ ዝትፋእ ዘሎ መጠን ካርበን ዳይ
ኦክሳይድ፡ ኣብ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ
ዓቢ ጽልዋ ይገብር ከምዘሎ ጠቒሱ።
ዋላ’ኳ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለምና ን2020
ብሰንኪ ዓለማዊ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ኣብ
ውሸባ ከሕልፍኣ እንተተገደዳ፡ መጠን
ናብ ህዋ ዝበኑ በከልቲ ጋዛት ግን
ከምዘይነከየ እቲ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።
እቲ ጸብጻብ ወሲኹ፡ ልዑል መጠን
ጻዕቂ ካርበን ዳይ ኦክሳይድ፡ ሚተይንን
ኒትሮስ ኦክሳይድን ኣብ ኣየር፡

ነቲ እናኸፍአ ዝመጽእ ዘሎ ከም
ተርእዮታት ዓለማዊ ዋዒ፡ ባርዕ መሮርን
ዕልቕልቕን ዝኣመሰለ ባህርያዊ
ሓደጋታት የቀላጥፉዎ ከምዘለዉ
ብምጥቃስ፡ ሃገራት ዓለም ነቲ ኣብ
ውዕል ፓሪስ ዝኣተውኦ መብጽዓታት
ብቕልጡፍ ክትግብርኦ ኣተሓሳሲቡ።
ኣብቲ ካብ 200 ሃገራት ዓለም
ዝመጽኡ ወከልቲ ክሳተፍዎ ምዃኖም
ዝግለጽ ዘሎ - ንኩነታት ኣየር ዓለምና
ኣመልኪቱ ካብ ጥቅምቲ 31 ክሳብ
ሕዳር 12 ኣብ ከተማ ግላስጎው
ዝካየድ ዋዕላ ኮፕ-26፡ ነቲ ኣብ 2015
ኣብ ዋዕላ ፓሪስ ዝተበጽሐ ስምምዓት
ንምትግባር ኣገዳሲ ተራ ክህልዎ
ምዃኑ ይእመት።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ኣብቲ ሰራዊት
ኣመሪካ ዓስኪሩሉ ዘሎ መዓስከር ኣል-
ጣንፍን፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ሶርያ
ዓሪዶምሉ ዝርከቡ ቦታታትን ዝተኻየደ
መጥቃዕቲ፡ ሓሙሽተ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ
ከምዝተሳተፋ ገሊጾም።
ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኣመሪካን
ኢራንን ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ፡ ነዳዲ
ከይክስክሰሉ ተሰጊኡ ዘሎ መጥቃዕቲ፡
ኣብ ሂወት ሰብ ዘኸተሎ ሞት ይኹን
መቝሰልቲ ከምዘይነበረ’ዩ ዝግለጽ።
ኣብዚ ሰሙን’ዚ ፕረዚደንት ጆ ባይደን
ኣብ ዘስመዖ መግለጺ፡ ንኢራን ናብ
ስምምዕ ኑክሌር 2015 ንምምላስ ዝግበር
ዘሎ ጻዕርታት ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት
ምህላዉ ሓቢሩ ነይሩ።
እንተኾነ፡ ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን
ጆን ኪርባይ ድሒሩ፡ እቶም ኣመሪካውያን
ሰብ-መዚ ንዝሃቡዎ መግለጺ ስፍሕ ዝበለ

መብርሂ ክህበሉ’ኳ ተሓቲቱ እንተነበረ፡
ንሱ ግን መግለጺ ካብ ምሃብ ተቖጢቡ
ከምዘሎ’ዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።
ኢራን ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ኣመሪካ
ዘካየደቶ ዝዓበየ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ፡
ኣብ ጥሪ 2020 ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ
ኣል-ኣሳድ ምንባሩ ይዝከር።

ጃፓን - ምስ ተራ ሰብ ዝተመርዓወት ልእልቲ መዓርጋ ተቐንጢጣ
ማኮ ዝተባህለት ጃፓናዊት ልእልቲ፡
ምስ ሓደ ናይ ኮሌጅ ኣፍቃሪኣ ዝነበረ
ወዲ ብምምርዓዋ፡ ዝነበራ መዓርግ
ከምእተመንጠለት ተሓቢሩ።
ብመሰረት ሕጊ ጃፓን፡ ካብ ኣባላት
ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ዝኾነት ጓል-ኣንስተይቲ
ምስ ተራ ማለት፡ ምስ ኣባል እቲ
ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ዘይኮነ ወዲ-ተባዕታይ
እንተተመርዕያ፡ መዓርጋ ክትሓድግ እያ
ትግደድ። እንተኾነ፡ እዚ ሕጊ’ዚ ኣብ ደቂ-
ተባዕትዮ ኣባላት ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ እታ
ሃገር ግብራዊ ኣይኮነን።
ማኮ ከምቲ ልሙድ ብድሙቕ ጽምብል
ከምዘይተመርዓወትን፡ እቲ ንሓደ ዝምርዖ
ኣባል ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ብመልክዕ
ውህብቶ ዝወሃቦ 1.3 ሚልዮን ዶላር’ውን
ከምዘይተዋህበትን ተሓቢሩ ።
በዚ ድማ ማኮ ንቡር ጽምብል ስነ-ስርዓት

መርዓ ዘይፈጸመትን፡ 1.3 ሚልዮን ዶላር
ዘይተቐበለትን ናይ መጀመርታ ልእልቲ
እታ ሃገር ኮይና ኣላ።
እቶም ምስ ኣባላት ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ዝዀኑ
ብሪጣንያውያን መጻምድቲ - ልኡል
ሃሪን ሜጋን መርከልን እናመሳሰሉ ‘ናይ
ጃፓን ሃሪን ሜጋንን’ ዝብል ቅጽል ስም

ተዋሂቡዎም ዘሎ መጻምድቲ ግን፡ እዚ
ከይዓጀቦም ክሳብ መወዳእታ ሓዳሮም
ክቕጽሉ ምዃኖም ኣፍሊጦም ኣለዉ።
ሰብኣይ ማኮ ከም ጠበቓ ሕጊ ኣብ ኣመሪካ
ስለዝሰርሕ፡ ሕጽኖቶም ምስ ወድኡ ካብ
ጃፓን ናብ ኣመሪካ ከምርሑ ምዃኖም
እዩ ዝግመት።